

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 31 ዓመት ቁ.176 | ሓሙስ 24 መጋቢት 2022 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መጋቢት፡ ወርሒ ዓበይቲ ግጥማት


ገጽ 3
ዘመናዊ ሞያ


ገጽ 4
እቶም ኣንቃዕረርቲ . . .



ገጽ 5
ልቢ ኣብ ቃራና


ገጽ 7
ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣንጸባራቒ ዓወት ኣመዝገበ



## ደቡብ - ጨ/ሚ/ትምህርቲ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ክሕይል ኣተሓሳሰቡ





ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት ዝተመዝገበ 90 ሚእትዊት ማጠን ምሕላፍ ናብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ንምባል፡ ስሉሳዊ ዝምድና ቤት-ትምህርቲ፡ ወለዲን መማህራንን ክሕይል፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብ17ን 18ን መጋቢት ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝገበሮ ገምጋማዊ ኣኼባ ኣተሓሳሰበ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር ህብትዝጊ ኪዳኑ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ተጨበጥቲ ዘሎ ዓወት ደራኺ እምበር ዘዘ ክኸውን ከምዘይግብኦ ጠቒሱ፡ ብደረጃ ወለድን ክፍልን ዝግበር ርክብት ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ተላቢዩ።

ሱፐርቪዥናዊ ዕማማት ምሕያል፣ ኣብርክቶ ሕብረተሰብ ምዕዛዝ፣ ብኸኣት ግዜ ትምህርቲ ምውጋድ፣ ተጉዳኣትን ጸዕርን ተመሃሮ ምትብባዕ፣ ተራን ኣብርክቶን መማህራን ምዕዛዝ - ካብ'ቶም ብዕቱብ ዝሰራሓሎም ምኳናም እውን ኣረዳአ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላን ማይ-ምነን ዝርአ ዘሎ ደግሲ መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ንምግታእ ብዝምልከቶም ኣካላት ብዕቱብ ክሰራሓሉ፣ መሰረታዊ ጸገም ዘድልየን ኣብያተ-ትምህርቲ ቁልሕታ ክግበረለን፣ መደባት ትምህርቲ ንግበይቲ ብዝሓየለ መልክዑ ክቐጽል . . . ዝብሉ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕረቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣቶ መሳ ሐሴን ናይቲ ቅድመ-ትምህርቲ ምስ ቀዳምነታት ስርሖ ክስርሓሉ ኣዘኻኸሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተሰፋጽዮን ድማ ሕጽረት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምፍታሕ፡ ምምሕዳር ዞባ ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ኩይኑ ይሰርሕ ከምዘሎ ገለጹ።

## ዝኽሪ ምድምሳስ ‘ናደው እዝ’፡ ኣብ ኣፍዓበት ተጸምቢሉ

ዝኽሪ መበል 34 ዓመት ምድምሳስ ‘ናደው እዝ፡ ብ19 መጋቢት ኣብ ኣፍዓበት ብድምቀት ተጸምቢሉ።

ሰበስልጣን መንግስቲ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ተቐማጦ ከተማ ኣፍዓበትን ኣብ ዝተረኸብሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጃብ፡ ምድምሳስ ‘ናደው እዝ’ ሕቖ “ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት” ዝበሃል ዝበረ ገዚፍ መግዛእታዊ ሰራዊት ብምስባር፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ሓድሽን ወሳኒን መድረኽ ዘሰጋገረ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝተኻየደ ስርሒታት ብዓይነቱ ኩነ ኣወዳድባኡን ስልቱን ፍሉይ ከምዝነበረ ገሊጹ።

“ምድምሳስ ናደው፡ ንስርሒት ፈንቅልን ዛዛሚ ኩናትን ባብ ዝርሓወ ታሪኻዊ ግጥም እዩ” ዝበለ ኣቶ ኣሕመድ፡ ናጽነት መላእ ኤርትራ ርሑቕ ከምዘይኮነ ንህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ዘበሰረ ድሙቕ ወተሃደራዊ ስርሒት ምንባሩ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ብበህላዊ ማሰናድኢታት ዝደመቐ ኢጋጣሚ፡ ነቲ ጽምብል ንምምዕራግ ኣብ ዝተኻየደ ስፖርታዊ ግጥማት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ 17 ክሳብ 19 መጋቢት 1988 ዘካየዶን ምድምሳስ ‘ናደው እዝ’ ዘስዓበን በርቃዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዝበረ ብሪጣንያዊ ጋዜጠኛን ጸሓፊ ታሪኽን ባዚል ደቪድሰን፡ “ማዘና ዴን ቤን ፉ” ክብል ከምዝገለጾ ዝዝከር እዩ።

## ዓሰብ - ኣንበጣ ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ምስ ኣሃዱ ምክልኻል ሳዕሪ ባልዓት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ብምትሕብባር፡ ኣንበጣ ኣብ ኣእካል ዘስዕቦ ጉድኣት ብኡ-ጋ ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ወሃበ።

እቲ ካብ 4 ክሳብ 12 መጋቢት ኣብ ከተማ ዓሰብ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ባህሪያትን ስነ-ህይወትን ኣንበጣ፡ ኣብ መቈጻጸሪ ሜላታትን ድሕነት ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕ መድሃኒትን ዘተኮረ ምንባሩ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ኣሃዱ ምክልኻል ሳዕሪ ባልዓት ኣቶ ቴድሮስ ሰዩም ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ተርእዮ ኣንበጣ ብዝተምጉዲ ኣብ ደሓን ኩነታት'ዩ እንተሎ ዘዚ ከምዝዩሉ ዘዘኻኸረ ኣቶ ተድሮስ፡ ክሳብ ክረምቲ ባሕሪ ዝውዳእ ቀጻሊ ኩለላን ምክትታልን ክግበር፣ ሰልጠንቲ ድማ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ናብ'ቶም ኣብ ምቁጽጻር ኣንበጣ ብግዝበሪ ዝሳተፉ ሓረስቶትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብግቡእ ከመሓላልፍዎ ተላብዩ።

ኩነታት ኣየርን ሐጻን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ንምፍራይ ኣንበጣ ምቹእ ምስ ምኳኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ብተኸታታሊ ተርእዮ ኩብኩብታ ኣንበጣን ካብ ኢትዮጵያ ዝሰገሩ ዕስለታት ኣንበጣን ከምዝተኸሰቱ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ይጠቕሱ።

## ዓሰብ - ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዘተባብዕ ገስጋስ ይምዝገብ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓሰብ፡ ኣብ ብቕዓት ኣገልግሎት ትምህርትን ተጉዳእነት ተመሃሮን ዘተባብዕ ገስጋስ ይምዝገብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ኩሓሰ ሞገስ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ብዘጽረን ደረጃን ብተዓጻጻፊ እናዓበየ ዝመጽእ ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ፡ ብብቕዓት እውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እወታዊ ለውጢ የርኢ ከምዘሎ ዝጠቐሰ መምህር ኩሓሰ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ ድሕሪ መበኣታ ግን ከም'ቲ ዝጀመሮ ይቕጽል ስለዘየለ፡ ንምፍዋሱ ወሃዱ ጻዕሪ ከምዘድሊ ኣገንዘበ።

እኹል ቁጽሪ መማህራን፡ ምውዳድ ኣብያተ-ንባብን ኣብያተ-ፈተነን ከምኡ'ውን ኣብ ወሰን ዓይነት ትምህርቲ ዝግበር ፍሉይ ሓገዝ፡ ኣብ ዕብየት ወጽኢት ተመሃሮ ልዑል እጃም ስለዘለዎ፡ ብዝሓየለ ክቕጽል ምኳኑ እውን ሓቢሩ።

ስሉሳዊ ርክብ ተመሃሮ፡ ወለድን መማህራንን ንምሕያል፡ ከም'ኡ'ውን ምክትታል ወለዲ ኣብ ዕብየት ትምህርትን ምክትታል ደቆምን ክዓቢ ብቐጻሊ ዝሰራሓሉ ምኳኑ ዝጠቐሰ መምህር ኩሓሰ፡ ዕውት መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ክሰላሰል፡ ተራ ኮሚቴ ወለዲ ኣገዳሲ ምኳኑ ኣዘኻኸሩ።

## ዓለማዊ መዓልቲ ዳውን-ሲንድሮም ተዘኪራ



ዓለማዊ መዓልቲ ዳውን-ሲንድሮም - ‘21 መጋቢት’፡ “ዝኾነ ሰብ ንድሕሪት ኣይተርፍ” ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ከባቢ ማይ-ድምነት ብመደብ ማእቶት ተዘኪራ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ሌ/ኮሎኔል ብርሃ በኹረጽዮን፡ ኢንታን ተጸሊኦን ንምውጋድ፡ ኣብ ልዕሊ ምስ ዳውን-ሲንድሮም ዝነብሩን ስድራ-ቤቶምን ግቡእ ኣጠማምታን ኣተኣላልያን ከም ባህሊ ንምስራጽ፡ ጻዕርን ግዜን ዝሓትት ምኳኑ ኣገንዘበ።

ዳውን-ሲንድሮም፡ ሕማም ዘይኮነ ሓደ ካብ ዓይነታት ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ምኳኑ ጠቒሱ ድማ፡ ወፍርና - ድንጋጸን ምጽወታን ዘይኮነ፡ ክእለትን ፍልጠትን ብምዕጣቕ፡ ዓቕሞም ኣብ ዘፍቅዶ ስራሕ ምውፋር ክኸውን ኣዘኻኸሩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ገብረየውሃንስ ወልደጊዮርጊስ፡ ዳውን-ሲንድሮም ፈቲኻ እተምጽኦ ስለዘይኮነ፡ ግቡእ ኣተኣላልያን ሓልዮትን ክረኽቡ ምእንቲ፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብዕቱብ ክስራሕ ተላብዩ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ዳውን-ሲንድሮም፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 12 ግዜኣ እያ ተዘኪራ።

# መጋቢት - ወርሒ ዓበይቲ ግጥማት

## (ሓርነት ናቕፋ፡ ምድምሳስ እዚታት "ውቃው"ን "ናደው"ን፡ ግጥም እግሪ መኸል)

መጋቢት፡ ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዝኻየዶ ሓርነታዊ ኲናት 30 ዓመት፡ ከም ኡ'ውን ኣብቲ ድሕሪ ናጽነት ልዑላውነቱ ንምቕልባስ ዝተሃቀነ ዳግማይ ድፍረት፡ ደሚቑ ዝዝከር ወተሃደራዊ ዓወታት ዝተሓፍሰላ ወርሒ እያ።

ነታ ሓንሳብ ሓራ ምስ ወጽአት፡ ዳግም ብሰራዊት መግዛእቲ ዘይተደፍረት፡ ትእምርቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ናቕፋ ሓራ ዘውጽአ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ብ22 መጋቢት 1977 እዩ ተፈጺሙ። ሓርነት ናቕፋ፡ ኣብ ግዜኡ ፍናን መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዘዕረገ፡ "ሎሚ ናቕፋ ጽባሕ ኣስመራ!" ዝብል ተስፋ ኣስኒቑ፡ ነቲ ሰዒቡ ብልዑል ናህሪ ንሰፊሕ ከባቢታት ሃገር ሓራ ዝገበረ ወተሃደራዊ ስርሒታት 1977-1978 ዓ.ም. ድርኺት ዝፈጠረ እዩ ነይሩ።

ከም ዝፍለጥ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ነዊሕ ሓርነታዊ ኲናት፡ ዘራያት እናተበራረዩ፡ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ፡ በይኑ ኣንጻር ናይ ምዕራብን ምብራቕን ሓያላት ዝገጠመ ህዝቢ እዩ። ኣብ መወዳእታ 70ታት፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ብርእሰ ሓያል ኣመሪካ ዝድገፍ ዝነበረ ስርዓት ሃይለስላሰን ደርግን ስዒሩ፡ ናጽነት ከረጋግጽ ተቓሪቡ ነይሩ። እንተኾነ፡ ምስቲ ዝነበረ ናይ ዝሑል ኲናት ተገላባጢ ሽርክነት፡ ስርዓት ደርግ፡ ንኣመሪካ ራሕሪሑ፡ ናብ ሕብረት-ሶቭየት ብምጽጋዑ፡ ኣመና ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክሰንቕ ብምኽኣሉ፡ ሚዛን ሓይሊ ተቐይሩ፡ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ብምግባር፡ ካብ ኣፍደገ ኣስመራ ዳግም ንናቕፋ ተመሊሱ ክዓርድን ናብ ዝተናውሐ ቅዲ ኲናት ክኣቱን ተቐሲቡ። ኣብቲ ዝሰዓበ ብጽንኩርነቱ ሒደት መዳርግቲ ጥራይ ዝርከቦ ናይ ኣኽራናት ሳሕል ከቢድ ምርብራብ ድማ፡ ወርሒ መጋቢት፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ዓበይቲን ወሰንቲን ወተሃደራዊ ዓወታት ዘመዝገበላ ወርሒ እያ።


ኣብ መጋቢት 1984፡ ጀጋኑ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ግንባራት ናቕፋ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ባርካን ዓሪዶም ን5 ዓመታት ድሕሪ ዝኻየድዎ ብርቱዕ ግጥማት፡ ነቲ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ካብ ቅሮራ ክሳብ ቀጣን፡ 100 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ ድልዱል ዕርድታት ሂዞ፡ መግዛእቲ ንምውሓስ ዝተረባረበ "ውቃው እዝ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክፋል ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ውሽጢ 49 ሰዓታት ኣቃቢጾም፡ ንሰውራ ኤርትራ ካብ ምክልኻል ናብ መድረኽ ጃላነት ዘሰጋገረ ወሳኒ ዓወት ክሓፍሱ በቒዖም።

ኣብቲ ዝሰዓበ 4 ናይ ጃላነት ዓመታት፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ቀዋሚ ግንባራትን ድሕሪ መስመር ጸላኢን ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዓበይትን ንኣሽቱን ግጥማት ኣካዪዱ፡ ንሓይሊ ጸላኢ ኣጸቢቑ ድሕሪ ምርማሱ፡ ናብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ እዩ ሰጊሩ። ካብ 17-19 መጋቢት 1988 ድማ፡ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት፡ ነቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ፡ ብዓይነቱ ብሉጽ ተባሂሉ ዝንገረሉ ሰራዊት ደርግ "ናደው እዝ" ኣኽቢቡ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓመድ ኣዳም ኣልቢሰዎ። እዚ መስተንክር ስርሒት'ዚ፡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ 20,000 ዝግመት ምኩር ሰራዊት በታቲኖም፡ ካብ ሕዳይ ክሳብ መስሓሊት ኣስታት 100 ኪ.ሜ. ንቕድሚት ብምግስጋስ፡ ኣብ ኣፍዓበት ዝጸንሕዎም ሶቭየታውያን ወተሃደራዊ ኣማኸርቲ ዝማረኹሉ፡ እልቢ ዘይብሉ ስትራተጂያዊ ኣጽዋራትን ተተኳሲን ዝመንዘዑሉ፡ ብተመራመርቲ ታሪኽ፡ ዳግማይ ""ድየን-ቤን-ፉ" ተባሂሉ ዝተገልጸ ስርሒት እዩ ነይሩ።





መጋቢት፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ተወሳኺ ቅያ መዝገባ እያ። ወርሒ መጋቢት እትዝከረሉ ናይ ድሕሪ ናጽነት ዝዓበየ ወተሃደራዊ ፍጻመ፡ እቲ ንወለዶ ገድሊ ተኪኡ፡ ሕድሪ ሰማእታት ዝተረከበ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ልኡላውነት ሃገሩ ክደፍር ዝዘንቀደ ሓመድ ሓፋሽ ወራሪ ሰራዊት ወያኔ ብመዳርግቲ ኣልቦ ጅግንነት ገጢሙ፡ ዓቢ ዓወት ዝሓፈሰሉ፡ ግጥም እግሪ-መኸል እዩ። እዚ ካብ 14 ክሳብ 16 መጋቢት 1999 ኣብ ግንባር ጾሮና ዝተኻየደ ውግእ፡ ልዕሊ 10 ኣጋር ክፍላተ ሰራዊትን ኣስታት 100 ታንክታትን ወያኑ፡ ኣብ ጸቢብ ቦታ ብምዕባላት ዝጥቅዕሉ ብርቱዕ ግጥም እዩ ነይሩ። ድሕሪ ናይ ሳልስቲ ጥምጥም፡ እቲ ወራሪ ሓይሊ ተረኺሙ፡ ደሃይ ኩሉም ኣጽዋራት ምስ ሃጠመ ዝተጋህደ ውጽኢት ከኣ፡ ዓለም ብዓለሙ ዘሰካሕኩሓሉ መቕዘፍቲ ሰራዊት ወያነን መጋርያ ዝተሃሞኹ ታንክንታትን ጥራይ እዩ ነይሩ።



ኣብዚ ዝተጠቕሰ ወተሃደራዊ ግጥማት ኮነ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝተኻየደ ነዊሕ ኲናት፡ ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጥፍእዎ ህይወት፡ ዝባኸንዎ ሃብቲ፡ ዝኸሰርዎ ግዜን ዕድላትን መግለጺ ኣይርከቦን። እዚ ታሪኽ'ዚ እምበኣር ብሓበን ጥራይ ዝዝከር ኣይኮነን። "እዚ ኹሉ ክሳራ ንምንታይ?" ዝብል ሕቶ እውን ሓቢሩ ክልዓል ዝግባእ እዩ። ህዝቡታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘናቑት ደምነት ኣይነበሮምን። ብዘይ ግጭት ብሰላም ተኸባቢሮም ክነብሩ ዘኽእሎም ባህልን ጭውነትን ዘለዎም እዮም። ጠንቂ ናይዚ ኣዕናዊ ኲናት'ዚ፡ ብቐንዱ፡ "ናጽነት ኤርትራ ንረብሓና ኣየገልግልን'ዩ" ዝሰረቱ፡ ንስርዓታት ኢትዮጵያ መጋበርያ ተጠቂምካ ክትግበር ዝተሃቀነ ግሎባዊ ስትራተጂ እዩ። እዚ ስትራተጂ'ዚ ብፍሽለት ተደምዲሙ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብረዚን መስዋእቲ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ድሕሪ ምርግጋጹ ከኣ፡ ዳግም ንወያነ ብምዕሳብ፡ ካብ ቅሉዕ ወራር ጀሚርካ ሕብረ-ብዙሕ ተጻብኦታት ቀጺሉ።





እዚ መሪር ተሞኩሮ'ዚ ሓሊፉ፡ መራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ነቲ ዝነበረ ኲነት-ተጻብኦ ሰጊሮም፡ ኣብ ሓምለ 2018፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ዘሰጋገር ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ድሕሪ ምኽታሞም እውን እንተኾነ፡ እዚ፡ ዘባዊ ሰላምን ቅሳነትን ክፈጥር ዝኽእል ልቦናን ንቕሓትን'ዚ ባይታ ረኺቡ፡ ክልቲኦም ህዙብታት ናብ ሰናይ ጉርብትናን ምትሕብባርን ከየምርሑ ዝፈጠሮ ሻቕሎት ብዘተፈላለየ መልክዕ በጨቕ ኩብል ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ሓመድ-ድብ ናይቲ መጋበርያ ጃንዳ ዝተራእየ ዓቕን ዘይብሉ ምዕልባጥ ከኣ፡ መርኣያ ዕርገት ናይቲ ሻቕሎት እዩ።

ከምዚ ናይ ወርሒ መጋቢት ዝኣመሰለ ድሙቕ ወተሃደራዊ ፍጻመታት እንዝክረሉ ኣጋጣሚታት እምበኣር፡ ንሓበን ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፡ ካብ ሕሉፍ ተማሂርካ፡ 80 ዓመታት፡ ነዚ ዞባ'ዚ ዝሓመሰ ግሎባዊ ጸወታ "ባዶ ድምር" ዘብቅዓሉ ኩነት ብምፍጣር፡ ናብ ሓድሽን ዝተፈልየን ናይ ታሪኽ ምዕራፍ ንምስጋር ዝሕተት ጻዕርን ስራሕን ንምግንዛብ እውን እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.08214595- 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


ሻባብ


ሃማመተኤ

ሞያ

# ዘመናዊ ሞያ
## መሰረት ንሓርነት መንእሰይ!

እንጅ. ምሉእብርሃን ሃብታይ





ሓርነት፡ ብዝተፈላለዩ ኩርናዓት ክግለጽ ዝኽእል ኣምር እዩ። መንፈሳዊ ሓርነት፡ ቁጠባዊ ሓርነት፡ ኣእምሮኣዊ ሓርነት፡ ወዘተ... እናበልና ብዝተዘርዘረ መንገዲ ክንገልጾ ንኽእል። ኣጠቓልል ኣቢልና "ሰብኣዊ ሓርነት" እንተበልናዮ'ውን ንሱ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ድማ፡ ናይ ምሕሳብ፡ ናይ ምዝራብ፡ ናይ ምንባር፡ ናይ ምንቅስቓስ ወዘተ. እናበሉ ዝገልጽዎ ወገናት ኣለዉ። ሓርነት፡ ንብሰኻ በቒዕካ ምስ ከባቢኻ ተወሃሂድካ ክትነብር ምስ ጀመርካ ዝበጽሖ ምዕራፍ እዩ። ካብ ካልኦት ክትጥበቶ እትጸበዮ ዘይትሓስ፡ ምስ ከማኻ ሰባት ተሓናጊርካ እትኸዶ ኩነት ህላወ እዩ። ኣብ'ዛ ሕጂ እንርእ ዘሎና ብኸበድ ቴክኖሎጂያዊ ውድድር ዝተዓብለለት ዓለም ድማ፡ ብሓርነት ምንባር ብቐሊሉ ከምዘይርከብ ኣይተወዕለሉ ኣሎና። ምኽንያቱ፡ ሓርነት ንብቑዓት ሰባትን ሕብረተሰባትን እያ ብዝያዳ እትብጽሖም።

ቀዳሞት ሓርበኛታት ሃገርና ብዙሓ ሓርነት ሓደ ንኽትርደኦ ኣዝዩ ቀሊል ብዘይኮነ ኣውራሶምና ሓሊፎም። ንሱ ድማ፡ "ሓርነት ይውጻእ እምበር ኣይወሃብን እዩ!" ዝብል እዩ። ንሰኻ ባዕልኻ ሓራ ሰብ ትኸውን ምስ ደቂ ሃገርካ ሓቢርካ ሓርነት ዘለዋ ሃገር ትምስርት፡ ኣብ ማእከል ኮም እናተቓመጥካ ሓርነት ዝሰመየ ሕብረተሰብ ትሃንጽ፡ ወዘተ ... ቢቃ ኣኽልዎ እዩ። ትፈጥር፡ ትዓጽ፡ ትምህዝ፡ ትብቅዕ፡ ትጣበብ፡ ትብሉሓት፡ ብዙሓት ጣቕታት ዝተመልአ እዩ። ይወሃበካ ዝብል የብሉን። ነዚ መግለጺ'ዚ መሰረት ገርና እንተረኣናዮ፡ መንገዲ ሓርነት ቀጣፍን ተራርን ክትከውን ኣለዋ። ብዙሕ ዚጋጊ ጨናፍር ዘለዋ'ውን ኣይመስለንን።

ከም ውልቀ ሰብ ይኹን ከም እኩብ ኣብ'ዛ ሓንቲ ህላወና ብሓርነት ንኽንመላለስ እምበኣር፡ እዋኑ ዝጠልቦ ብቑዕ ሞያ ክህልወና፡ ምርጫ ዘይብሉ ናይ ምንባር ግዴታና እዩ ዝኸውን ዘሎ። ኣብ'ዛ ዓለም ኑቲ ዝሓዞ ሞያ ኣጣቢቑ ዝሓዘን ዝበቕዐን ወገን እናሰወደ ከምዝኸይድ ንምርዳእ ድማ፡ ካብ ናይ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ታሪኽ ሃገርና ዝዓቢ ቀሊል ኣብነት ኣብ ጥቓና ዝርከብ ኣይመስለንን። ህላወ ሃገርናን ባህልናን ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ኩነታት ምስተፈጥረ፡ ተወራሪስቲ ወለዶታት መንእሰያት ኤርትራ ንሞያ ውትህድርና ኣጸኒዖም ጥራይ ዘይኮነስ ተራቒቖምሉ። ኣብ'ቲ ሞያ ዓብዮም ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምዝበጽሑ ንምፍላጥ እቲ ውጽኢታት ባዕሉ ገላጺ እዩ። ኑቶም ንኡሶና ኣነኣእሰና እንርኢ ድማ፡ ናይ ሶቭየት ሕብረት ወይ'ውን ናይ'ቶም ገዛእትና ዝነበሩ ሰራዊት ምውሳስ የድልየና ይኸውን እዩ። ብኸም'ዚ ኣቢልና ንኡሰና ብሞዝቡእ ክንላለያን ዓቕምራቶ ዘላ ወህሉል ጸዓት ክንፈልጦን ንኽእል።

እቲ መወከሲ ንሱ ኮይኑ፡ ናብ'ዚ ዘመናዊ እዋን ድማ ንምጻእ። ንኣብነት ኮምፕዩተር እትብሃል ዘመናዊት ንብረት፡ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መዋእል ኣብ ማእከል ተቐሚጣ ዘላ ቀንዲ መተዓጸዊት እያ። ንሕና ናይ'ዚ እዋን መንእሰያት ንኮምፕዩተርን ባህርያታን ክንራቐቐሉም ድማ፡ ኣብ ቅድሜና ተዘርጊሑ ዝጸበየና ዘሎ ጸወታ እዩ። ምስ ኮምፕዩተር ተኣሳሲርና ሞያ ክንነብር እንተኺኢልና፡ ዝያዳ ኣፍረይትን ኣብ ዕዳጋታት ተጠላብትን ከም እንኸውን ርዱእ እዩ። እቲ ዝዓበየ ሕቶ እምበኣር፡ "ንስኻ/ንስኺ ብሓገዝ ኮምፕዩተር እንታይ ትገብር/ትገብሪ?" ዝብል እዩ። ንኮምፕዩተር ዝኸውን መቀያየሪ ሰራሕ ናብ ፍረ እንተብጺሕካ፡ ንሓደ ስራሕ ዝጠቅም ቀመር (software) ኣዳሊኻ ንኣገልግሎት ከምዝውዕል እንተገርካ፡ ዓቢ ሞያ ክንብሎ ንኽእል። ኣብ'ቲ ዘዘሎናዮ ናይ ሰራሕ ባይታ፡ ብሓገዝ ኮምፕዩተር ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ክትቅርብ እንተኺኢልካ'ውን ዓቢ ሞያ እዩ። ቤታ ኮምፕዩተር ገርካ፡ ምስ ህይወትካ ዝሸኖ ምትእስሳር ዘይብሉ ጽሑፋት ብመልክዕ መልእኽቲ ተተቐቢልካ ናብ ሰባት ክተማሓላልፍ ስለዘወዓልካ ግን፡ ሞያ ክንብሎ ክኸብድ እዩ። ኣብ እንዳ ኢንተርነት ኬድካ፡ ጋንታታት ዓዲ እንግሊዝ ዘለውኦ ኩነታት ኣዕልል ስለዘወዓልካሉ፡ ንሰኻ ምስ ኮምፕዩተር ምልላይካ እንታይ ፋይዳ ክህበካ ይኽእል? ብዘይካ ንናይ ስፖርት ጋዜጠኛታት። ብሕጽር ዝበለ፡ ኑቲ ብዕላማን ብጥቡብን እንገጾ ዕዮ ኢና "ሞያ!" ብምባል ንጽወዮ ዘሎና። ንዕኡ ንምስላጥ ድማ ዘድልየና ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒ ክንጥቀም ንኽእል።

ኣብነት ንክኸዋና ደኣ ብዙሓ ኮምፕዩተር ኣልዒልና እምበር፡ ኩሉ ጥቡብን ፍልጡትን ኣወሃሂድካ ዝዕየ ዕዮ ሞያ እዩ። ካብ ናይ ጽሬት ስራሕ ክሳብ ምሕደራ ትካላት። ኑቲ ስራሕና ሞያዊ ዕዮ ዝብሎ፡ ብቕዓትና እናኣማዕበልና ማዕረ ክንደይ ምስ ግዜ ነሰጉሞ ዝብል እዩ። ዘመናዊ ብዝበሃል መለክዒታት ተለኪዑ ዝሓልፍ ፍረ ክፍሪ እንተበቒዑና ሰብ ሞያ ኢና። ኣብ'ዚ ዘሎ ዕዳጋታት ተወዳዲርቲ ሰባትን ትካላትን ክንፈጥር እንተኺኢልና'ውን፡ ኣብ ኣየናይ ዓውዲ ብዘየገድስ ሰብ ሞያ ኢና። ፍረ ዕዮና ድማ ናብ ወለዶታት ዝሰጋገር ኣበርታዊ ሓድጊ ክኸውን ይኽእል። ከም'ዚ ክንገብር እንተኺኢልና ከም ወለዶ፡ ኣብ ህላዌና ናይ ሓርነት ስምዒት ይሓድረና። ታሪኽና'ውን እናሓደረ ይምቅር።

ኣብ ጉዳይ ሞያ፡ ተወህቦታትናን ውሽጣዊ ድሌታትናን ኣብ ምጽናዕ ክንሓምቕ ከምዝይብልና ተደጋጊሙ ዝወጸኖ ምኽሪ ለጦግት እዩ። "እቲ ንኡስ ኣድቂቑ ዝፈልጣ ንዓለሙ ማዕረ ክንደይ ኣጸቢቑ ከምዝሰርሓ" ኣብ ልብታትና እንተሓዲሩስ ደጋጊምና ሰሚዕናዮ። ናይ ቨርጂንያ ወልፍ ጥቕሲ፡ "እቲ ንኡስ ዝፈልጣ ሰብ ሓራ እዩ። ኣይሰልችምን ድማ። ህይወት ንዕኡ ኣዝያ ሓጻር እያ። መዓልታዊ ህይወቱ ብደስታ ዝተመልአ እዩ። ንሱ ቡቲ መንገዱ ክነብር ከሎ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ኩሎም ድማ ህይወት ከም ሕልሚ ሕልፍ ትብሎም።" ዝብል ትሕዝቶ ይርከቦ። ኣብ ሕልሚ ምንባር ቀሊል እዩ። ንክዉንነት ኣንቢብካ ምስኡ ተመሳሲልካ ተሓቢእካ ንምንባር ድማ ካልእ ቅልል ዝበለ ነገር እዩ። እቶም ኣብ መንጎ እቲ ሕልሚን እቲ ክዉንነትን ዘሎ ክፍተት ክጹብቡ ዝጽዕሩ ዘለዉ ሰባት እዮም እምበኣር፡ ሰብ ሞያ ዝበሃሉ ዘለዉ። ሞያኻ ምልእ ሞያ ዝኸውን ድማ፡ ኑቲ እትሓስቦ ብግብሪ ክትተሰኖ እንክሎኻ እዩ።

ብኻልእ መዳይ ክረኣ እንከሎ፡ ሞያ ዝበሃል ክልሰ-ሓሳብ ብግብሪ ክሰክ ከሎ እዩ። ምዕቡል ክልሰ-ሓሳብ ሃልዩካ ብግብሪ ዘይተሰንዮ እንተኾይኑ፡ ሞያዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ቅውም-ነገር ክትፈጥር ኣይክኣልን። ሓሳባትካ ክንዲ ዝጸረዩ ይጽረዩ፡ ንስኻ ምስ ቦታ ፍጻሜ ብኣካል ይኹን ብመንፈስ ርኹብ እንተዘይብልካ ክተድምዕ ኣይትኽእልን። ብኻልእ ገጽ እንተረኣናዮ ኸኣ፡ ግብሪ ብዘይ ክልሰ-ሓሳብ፡ በሶላ ዘይብላ መርከብ እዩ። "ካበይ ተበጊስካ ናበይ ገጽካ'ኸ ትኸይድ ኣሎኻ?" ንዝብል ሕቶ ዝኸውን ስእለ ኣእምሮ እንተዘይሃልዩካ፡ ስለዝተዓዘዝካ ጥራይ ምኻድካ ትርጉም ክህልዎ ኣይክእልን። ስለ'ዚ ኣብ ዝኾነ ዓውደ ዕዮ፡ ንሓደ ዕማም ሰብ ሞያ ሓሊፎሞ እዮም ክበሃል እንተኾይኑ፡ ምውጣንን ምትግባርን ተሳንዮም ክኸዱ ግድነታዊ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣእምሮ ብዘይ ኣካል ዋጋ የብሉን፡ ከምኡ'ውን ኣካል ብዘይ ኣእምሮ ግኡዝ ነገር እዩ።

ሞያን ሞያ ምህላውን ክበሃል ከሎ፡ ሓደ ሰብ ወይ ጉጅለ ንሓደ ብዓይነቱ ዝተወሰነ ስራሕ ንምዕማም ዝጥቀመሉ ፍሉይ ጥበብ ወይ ክእለት ገርና ክንወስዶ ንኽእል። ንዝተደልየ ሞያ ንምጥራይ ድማ ዝተፈላለየ ኣገባብትን ጻዕርታትን ይሓቱ። እቲ ዝበለጸን ኣዝዩ ግዜ ዘቑጥብን ኣገባብ ኣመዓብላ ሞያ፡ ዕድመ ንእሽቶትካ ምስ ትምህርትን መጻሕፍትን ብምሕላፍ ዝመጽእ እዩ። ብዙሕ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ ድማ ንዋዒሕ እዋን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዓይነት ስራሕ ምስ ክኢላታት ብምስራሕ ናይ ተመኩሮ ሞያ ክውንን ይኽእል። ገለ ድማ ካብ ከባቢኡ ማለት ኣባላት ስድራቤቱ፡ ኣዕሩኽቱን ዝንቀሳቐሰሎም ቦታታትን ንዘረኽቦ ሓበሬታታት ኣተኪሩን ትዕዝብትን ሓዊሱ ናብ ሞያ ክቕይሮም ዘጸግም ኣይኮነን። ብዝተፈላለየ ኣገባብት ንእኣዋህልሎ ሓበሬታታት፡ ብበዝሒኡ ዝዓሙቕ መጽናዕትን ትዕዝብትን ብምግባር ናብ ሞያ ክንቅይሮ ንኽእል።

ካብ'ዚ ልዕል ክብል ዝተጠቕሰ መንገዲታት፡ እቲ ዝሓጸረን ዝተኣማምነን ኣገባብ ምምዕባል ሞያን ሞያውነትን ኣብ ዕድመ ንእሽቶትካ ምስ ትምህርቲን መጻሕፍቲን ምምሕዛው እዩ። ብፍላይ እቲ ትመሃረሉ ስርዓት ትምህርቲ ካብ ውሽጣዊ ፍልቀታዊ ምዕባለ ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዝመንጨወ እንተኾይኑ፡ ትምህርቲ ንሓደ መንእሰይ ኣደልዲሉ ሃናጺ ዜጋ ይገብሮ። ንሓደ ወዲ ዕስራ ዓመታት መንእሰይ ልክዕ ከም ወዲ ሓምሳ ዓመታት ሸሞግለ ንዓለምን ንስራሕን ኣዳቒቑ ከምዝፈልጥ ይገብሮ። በዚ መሰረት፡ ሓደ ብምሁራን ዜጋታት ዝተሃደቀ ሕብረተሰብ፡ ሓይሊ ጸዓቱ ብልዕሊ ዕጽፊ ከምዝዓቢ ክንርድኦ ንኽእል። ጸዓት ምውሳኽ ድማ፡ ፍርያት ምውሳኽ ማለት እዩ።

ትካላት ብምሁራን ኣካላት ዝእለዩን ዝምእዘዙን እንተኾይኖም፡ ኩሎም ኣብያተ ዕዮታት መዓልታዊ ኣብ ምህዞን ምዕባለን ይጽመዱ። ኢንዱስትርያዊ ውድድር ይውንጨፍ። ብትምህርቲ ዝተሃንጸ ሞያ፡ ኑቲ ዜጋ ኑብሰ ምትእምማኑ ከምዝዓቢ ስለዝገብሮ፡ ንእሂን ምሂን ድሉው ይኸውን። ኣብ'ቲ ሞያኡ ማእከል ጌሩ መጻሕፍቲ ምንባብን ምሕዳስን ዘዘውትር እንተኾይኑ ድማ ሊላይ። ኣብ'ዛ ዓለም ሰፊሕ ቀላይ ናይ ፍልጠታት ከምዝሎ ስለዝፈልጥ፡ ብትሕትና ክመላለስ ንቡር እዩ። ግደን ንዓይ ንበይነይ ዘይሰማዕከመኒን ዘይተኣዘዘኩምኒን ኢሉ ፈንጠርጠር ዝብል ምኽንያት የብሉን። ምኽንያቱ እቶም ንመሳርሕቶም ሰባት ክመልኩ ዝደልዩ፡ ኑብሰ ምትእምማን ስለዝጎድሎም እዮም ተዋስኦታት ዘበዝሑ። ኣብ'ቲ ሞያ ምትእምማን ዘይብሉ ሰብ እዩ ንሰባት ክመልኾን ክገላብጦን ዝርከብ።

ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ሓደስቲ ፖለቲካዊ ተርእዮታት ኣብ ከባቢና ንዕዙብ ኣሎና። ኣብ'ዚ ሓደሽ መድረኽ፡ ንሕና ከም ሕብረተሰብ ካብ ኩናትን ወረ ኩናትን ወጺእና ናብ ሰላምን ወረ ልምዓትን ክንሰግር፡ ኩሉ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ንኽንነጽሕ ከቢድ ዋጋ እናኸፈለ ዝመጸ መንእሰይ ዝጸበዮ ሓቂ እዩ። መድረኽ ክቕየር ከሎ ድማ፡ ምቕያር ናይ ኣቃውማ የድሊ። እቲ መድረኽ ዝጠልቦ፡ ሓደሽን ኣሰንሚን ኣተሓሳስባ የድሊ። ብዝሓለፈ እዋናት "ሓሊፉ!" እናበልካ ምምራር ዘይትኽ ምስ ሓደሽ መድረኽ ምሕዳስ የድሊ። እቲ ዝ. ዝሓለፈ መድረኽ ካብ ዘይንብር ናብ ንብር ዘሰጋገረ ኣእምሮና፡ ናብ'ቲ ንብር ናይ ልምዓት ኩነት ህላዌ ተመለሰ፡ ካልእ ናይ ልምዓት ተኣምር ክፍጽም ግዜ ይጠልበና ኣሎ።

ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ንብዙሕ ካብ ሕቶታትና ዝኸውን መልሲ ጉዳፎምልና ካብ ዝሓለፉ ሓርበኛታት ሃገርና ሓደ እዮም። ገለ ካብ ትሕዝቶ ጽሑፋቶም፡ ንሱ'ዉን ንትምህርቲን ዘተኣሳስር ምዕዶ ንመንእሰያት ኤርትራ ብምባል ዝተዓደለ ኣለዎ። ብትምህርቲን ሞያን ዝበሰለ መንእሰይ ማዕረ ክንደይ ንኡሱን ንሃገሩን ዘሐብን ዜጋ ከምዝኸውን የእንፍት። እቲ ምሉእ ትሕዝቶ ንዘዘመጸ ወለዶታትና ከገልግል ዝኽእል ኮይኑ፡ ኣብ ሓደ ክፋሉ ጽሙቕ ኣብልካ እዚ ዝስዕብ ሓሳብ ይርከቦ፤

"ፍልጠትን ጥበብን ዘይደለ፡ ንጊዜ ንእሰኑ ከኣ በዐዓይኑ ዝኾነ ቅልኑት ኬሕልፎ ዘደለ መንእሰይ፡ ንሃገሩ የፍቅር ኢዩ ኺብሃል ኣይክኣልን ኣይግብኣን ከኣ። ኣብ ሃገርካ ዘሎካ ፍቕርን ምእዛዝን ኣብ ጊዜ ወግእን ፈኸራን ጥራይ ኪግለጽ ኣይግብኣን። ኣውራ ኣውራስ ኣብ ጊዜ ሰላምን ድሓንን ኣብ ንብረትካን ኣብ ኣካይዳኻን ኣብ ትምህርትኻን ኣብ ዕዮኻን ኢዩ ኺግለጽ ዚግብኦ።" ይብል።

እቲ ጽሑፍ በዚ ዚበቅዕ ኣይኮነን። ምህር ዝበሃል ሰብ ከመይ ዝኣመሰለ ምኻኑ ንምብራህ ቁሩብ ወርድ ኢሉም ድማ፤

"ክቡራን መንእሰያት ደቂ ኤርትራ፡ ትምህርትን ጥበብን ፍተዉ። ንረብሓ ርእስኹም ኢልኩም ጥራይ ዘይኮነስ ስለ ኩብረትን ዕብየትን ሃገርኩም ኢልኩም ትምህርትን ጥበብን ፍተዉ።

ሀ. ነፍሳውያን ሰባት ኪገብረኩም ዚኽእል ትምህርቲ ጥራይ ኢዩ።

ለ. ምስ ዝኾነ ይኹን ካልእ ሰብ ኬመዓራርየኩም ዚኽእል እውን ትምህርቲ ጥራይ ኢዩ።"

ድሕሪ ምባሎም ኑቲ ነፍሳዊ ሰብ ዝብልዎ ከመይ ዝበለ ምኻኑ ንኽብርሁ ከኣ፤

"ነፍሳዊ ሰብ ማለት፡ ንጸቡቕን ንኽፉእን ፈላልዩ ዘፈልጥ ኣእምሮ ዘሎዎ ሰብ ማለት ኢዩ። ከምኡ'ውን 'ነፍሳዊ ሰብ' ማለት፡ ኑቲ ጽቡቕ ፈሊጡን መሪጹን ተቐቢሉን ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ክእለት ዘለዎ፡ ኑቲ ክፉእ ከኣ ፈሊጡስ ንምውጋዱን ንምድርባዩን ክእለት ዘህቦ "ፍቓድ" ዘሎዎ፡ ማለት ጎይታ ርእሱ ዝኾነ ሰብ ማለት እዩ።"

ቡቲ ናይ'ዞም ኣቦ ኣበሃህላ ገርና ክንደምድሞ። ትምህርቲ ንሰብ ነፍሳዊ ሰብ ዝገብሮ እንተኾይኑ፡ እቲ ነፍሳዊ ሰብ ዝፍጽሞ ተግባራት ድማ፡ ኣቓዲሞና ትርእዮታት ናይ ውሽጣዊ ሓርነት ብምባል ዝጠቐስናዮ እዩ። ትምህርቲ ናብ ሞያን ሞያውነትን ይወስደ። ሞያ ሃልዩካ ሃናጺ ዜጋ ምኻን ድማ፡ ናብ ሓርነት ይወስደ።

# ሩፍታ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ
tum.tes.88@gmail.com

## ልቢ ኣብ ቃራና

ራብዓይ ክፋል

መኣዙ ናብ ቆጸራኣ ክትከይድ ኣለዎ ዶ የብኣንምውሳንስኢ:ኣብዝሓርቶኩይና ተማትኣት። ሕርቃን ኣብ ዓንቀራ እዩ በጺሑ። ከም'ቲ ዝበረቶ ኩነት ኣእምሮ፡ ምስ ሰልሻና ክትብኣስ እንተ ዘይኩይና፡ ሃዲአ ክትዘራረብ ኣይትኽእልን እያ። ቀስ ብቐስ ግን ንሕብስ ኣረጋጊኡ ዋላ ሓንቲ ከም ዘይረኣየት ኩይና ንሰልሻና ከተገርሃ ብጡርሒ ናብ ቆጸራኣ ኣበለት። ሰላምታ ተለዋዊጠን።

"ምስ ረኣኹዋ ደመይ ፈሊሑኒ። ግን ሰልሻና ክትፈልጠኒ ኣይደለኹን። ገጸይ ምስ ረኣየት 'ደሓን ዲኺ. ደኣ እንታይ ኴንኪ ኣለኺ?' ኢላትኒ እናተጨነቐት።

'ዋላ ሓንቲ ኣይኮንኩን'

'እንታይ ዋላ ሓንቲ ኣይኮንኩን - ደኣ እርእየኪ እንድየ ዘለኹ'

'ምስ ገዛና እየ ተኻሪየ ከም ኣመሎም ድማ ጀሚሮሙኒ'

'ዘይትሰምዕዮም ኣቲ መኣዙ፡ ቀስ ኢልኪ ተረዳድእዮም። ምስኡ እንተ ተላሊኺ እንታይ ኣለዎ ደዩ? ባህ እንተ ዘይበለኪ ኸኣ ኣይፈተኹምን ትብልዮም. . .'

'ክላዕ ተዘይደለኹኸ'

'እንታይ ትፈልጢ - ክትፈትውዮ እውን'ኮ ትኽእሊ ኢኺ?'

'ክዕግረኪ እንዶ ግዱ ኣማን ሰብ ሰዲዱ ክዘራረብ ደልየ ኣለኹ፥ ኢሉ ቆጺሩኒ ኣሎ። ተካይደኒ ዲኺ?

'ዋእ. . . ተጸሊልኪ ዲኺ! ተሓጺቡካ ናብ ጭቃ! ደሓር ክትፈልጢ ገለ ሓሰቡልኪ. ኣሎ እምበር ናይ ጥዕና ኣይኮነን'

'እንታይ ከይገብር ፈሪሕኪ? እንታይ ከም ዝበለኒ እሰምዕ፡ 'ብኣጋዳሲ. ጉዳይ እየ ደልየኪ. ዘለኹ' ይብል ስለ ዘሎ ንመወዳእታ ግዜ ክረኽቦ እደሊ. ኣለኹ. . ."

'ዘይተባህለ - ሓሳዊ በልዮ - ንሱ ደኣ እንታይ ኣገዳሲ. ጉዳይ ክህልዎ፡ ኣነ እንግረኪ ኣለኹ፥ ክትጠያሲ. ኢኺ። ሰኺሩ መጺኡ ገለ እንተ ገበረኪ ተጣዒስኪ ትመልስዮ ከይመስለኪ። ፍቕሪዶ ገለዶ ከይትብልኒ፡ ብዙሕ መጺኢ. ህይወትክን ሰድራኽን ሕሰቢ'

ብውሽጠይ ድማ 'ፈሊጠኪ. ኣለኹ' እየ ዝብላ ዘለኹ። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ቆጸራ ንጽባሒ ስለ ዝኾነ ሓሰቡሉ ኩሓድርየ ኢለ ኑቲ ነገር ክፀጽዎ ደለኹ። ሰልሻና ግና 'ናይ ብሓቂ ኣገዳሲ. ጉዳይ እንተ ሃልዩዎ ቅድም ኣነ ክረኽቦ እየ። ድሓር ኩነታቱ ርእየ ንዓኺ. እነግረኪ. እምበር፡ ንስኺስ ኣይትረኽብዮን ኢኺ' ኢላትኒ።

'ብሓንሳብ ንኺዶ እምበር። ኣብ ከተማ ኢዩ ቆጺሩኒ ዘሎ፡ ኣብ ማእከል ህዝቢ. እንታይ ከይገብረኒ እዩ! ጸባሕ ንራኸብ ጥራይ ብሓንሳብ ኢና ንኺዶ'

'እእእእእ. . .'

መኣዙ በቲ ሓደ ወገን ቅንኢ. ተሰሚዕዋ፡ በቲ ካልእ ድማ ትምሕቲ ስለ ዝወጠራ፥ እንታይ ከም እትገብርን ከም እትብልን ኣይተረደኣን። ንሰልሻና ምስ ኣማኑኤል ደው ኢላ ከም ዝረኣየታ ብምግላጽ "ሓሶዊት ኢኺ" ኢላ ከተዋርዳ መንፈሳ ደፋፍኣ። እንደገና ድማ ምስጢር ክልቲኦም ጸቢቕ ገይራ ምስ ፈለጠት ኣፋ መሊአ ክትዛረብ ከም ዝሓሰበት። ተንሰአን ኣቦ'ታ ገዛ ክወጽኣ ከለዋ ድማ 'ንኣማን ረኺብክዮ ትፈልጠዶ?' ክትብል ሓተተታ። ሰልሻና ግን ከም ዘይሰምዐት ትም በለት። ደጊማ "ዘበልክኒ ሰሚዕክዶ? ክትብል ሓተታ።

"እወ ሰሚዐ."

"እንታይ ኴንኪ ደኣ ዘይትምልስለይ?"

"እቲ ሕቶኺ. እምበር ገሪሙኒ!"

እንታይ ኩይኑ እዩ ዘርመካ?"

"እንታይ ክረኽበሉ ዝኢ. ከምኡ ኢልኪ. ትሓትትኒ"

"ከም ኢጋጥሚ ማለተይ እየ"

"ርኢኽዮ ትፈልጢ. ዲኺ. ዘይትብሊ. ደኣ ረኺብክዮ ትፈልጢ. ዲኺ. ትብልኒ?"

"ሕቶይ ባህ እንተ ዘይበለኪ. ደሓን ግደፍዮ"

"ንስኺ. እምበር ዘይሕተት ትሓትቲ ዘለኺ?"

'ስለ ዝፈልጦ'


'ኣበይ ትፈልጥዮ'

'ዋላ'ኳ ሌላና ሕጂ እንተ ኾኑ ብርሑቕ ግን እፈልጦ እየ'

'ከም'ቲ ዝበልክዮ ኣማን ዕዋላ ምኽንያቱ እዚ. ኩሉ ዓመታት ዘይፈለጥክዮሲ ዝኢ. ኣብ ወሽጢ. ሓደ ወይ ክልተ ወርሒ. ዝፈለጥክዮ ሰብ ተጣቢቕክሉ'

'ንሱ ደኣ ኩሉ ነገር ተኸፊሉ ይገብሮ ስለ ዝነበረ ንኽትፈልጦ ግዜ ክወስድ ግድን እዩ። እዚ. ግን ሓቀኛ ባህርያቱ ኣይፈለጥኽን እዩ?'

መኣዙ ካብ ሰልሻና ብቑዕ መልሲ. ስለ ዘይረኸበት፡ ገለ ተልእኾ ከም ዝተዋህባ፡ ወይ ድማ ናይ ግዝኡርእሳ ዕላማ ሒዛ ትደፋፍኣ ከም ዝነበረት ርግጽ ወሰደቶ። ስለ'ዚ. ድማ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብዮሜላ ከተረጋግጽ ከም ዘለዋ ኣመነት። ናይ



"እንተ ሓተትኩኺ. እንታይ ጸገም ኣለዎ ደዩ?"

ሰልሻና፡ ትም ኢላ። ናይ ሰልሻና ሰቕታ ንመኣዛ መሊሱ ኣቃጸላ። ግና ሽዑ እውን ዝረኣየቶ ንኽትዛረብ ውሽጣ ደህውጻ'ኳ እንተ ነበረ ብጻዕሪ ዓቢጡቶ። ሓንትን ናይ ነዊሕ ዓመታትን መሓዛኣ ሰልሻና እያ። ምስ ሰልሻና ምቅይያምን ምፍልላይን ኣፍርሓ። ምስ ወለዳ ተኻርያ፡ ምስ ኣማን ተፈላልያ፡ እታ ሓንቲ ዝተረፈታ ናይ ቀረባ መማኽርታን መደዓዕስታን ሰልሻና እንተ ርሒቓታ ህይወት ከም ዝጸልምታ ሓሰበት። ናበይ ምኻዳን ከይተረደኣ፡ ብሓሳብ ተዋሒጣ እናሰከመት ከላ "ሓንቲ መዓልቲ ምስ'ዚ. ዝኸፈለልና ወዲ. ከሎልየኪ. እዩ። ጠባዩ፡ መልክዑ፡ ንጉል ዘለዎ ክብረት እንተ ተርእዩዩ ምገረመካ. ነይሩ!" በለታ ሰልሻና።

"ከምኡ ምስ በለትኒ 'እዛ ጓል እዚ. እንታይ እያ ትደልየኒ ዘላ!' ኢለ ተገሪመ። ስለ'ዚ. ድማ ተሰፉ ዘቑርጽ መልሲ. ክህባ ወሲኑ፡ "ክኸውን ይኽእል እዩ ክንዲ ኣማን ግን ኣይመጽእን እዩ' በልኩዋ።

'ብውሑዱ ክዕግረኪ.'ሞ፡ እንደገና ሓሲብኪን መርሚርክን ምስ ኣማን ኣውዳድርየ። እንተ ውሓደ ማስተ ኣይሰትይን፥ ኣይዘሙን፥ ቀማር ክጻወት ኣይውዕልን፥ ሕጂ ኣማን ደዩ ዝሓይሸ ወይስ እዚ. ዝበለኪ. ዘለኹ ወዲ?' ምስ በለትኒ፡ ካብ'ቲ ብዙሕ ኣማን ዝተዛረቡቶ ተበጊሳ 'እዚ. ትብልዮ ዘለኺ. ወዲኹ ሓቀኛ እንታይነቱ ከም ዘይሓበረልኪ. ብምንታይ ተረጋገጸ.?' በልኩዋ።

ወላዲኣ መጠንቀቕታ ትዝ ምስ በላ ድማ' ንሰልሻና ብጽቡቕ ተፋንያ ናብ ገዝኣ ኣምርሐት። ክሳብ ገዝኣ እትበጽሕ፡ ርክብ ኣማኑኤልን ሰልሻናን እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሰላሰለት።

"ጥባ ኣብ ገዛ ኮፍ ኢሉ ተዓልዩ እዩ ጸኒሑኒ። ገጺ. ኮፍ በሊ. ምስ በለኒ፡ ቀሊል ነገር ከም ዘይኮውን ተረዲኡኒ እዩ፡ 'ክሳብ ሕጂ፡ ውላደይ ኴንኪ. ኢኺ. ትሰምዕኒ ነይርኪ። ውላድ ንወላዱ ከማን ኣዝዩ ዝፈትወኪ. ውላደይ። ሕጂ ግን ጋዜን ደዩብኪ. ኣሎ። ሓሚምኪ. እንተ ሃሊኺ. ንገርናሞ ማይ ጨሎት ከሕጽበኪ። 'ብጥዕናይ እየ ዘለኹ' ትብሊ. እንተ ሃሊኺ. ግን፡ መንገዲ. ስሒትኪ. ስለ ዘለኺ. ተመለሲ። ንዓና ወለድና ንዝበርክኪ. ወሉዱ፡ ከም ጨርቂ እንዲኺ. ቆጺርክና፡ ሎሚ ግን መደምደምታ ክንገብረሉ ኢና' በለኒ።

'ተዘራሪብና ወዲእና እንዲና ጥባ?'

'ደድሕሪ ሓደ መዕበያ ዝበደሎ ዕዋላ ሎኽሎኽ ንኽትብሊ. ዲና ተሰማሚዕና? ከምኡ እንተ ኾይኑ ስምምዕና፡ ወይ ድልየትኪ. ከምኡ እንተ ኾይኑ፡ ምሉቕ ኢልኪ. ካብ'ዛ ገዛይ ወጺእኪ. ምስኡ ኺዲ. . .'

'ከመይ ገይርካ ዕዋላ ትብሎ ጥባ ኣበይ ርኢኻዮ? ኣበይ ትፈልጦ?'

'ኣየኺ. ምኽንያይ ረሲዕክዮ ዲኺ? ውላደይ ኣበይ ትወድቕ ከም ዘላ ዘይመሚ ብዘም መዓስ ኩይኑ! እሞ ድማ ንዓኺ. ኣፋሉፍ ኢለ ዘዐበኹኺ. ሓንቲ ጓለይ! ካብይ ዘምጻእክዮ ድፍረት እዩ'ዚ! ዓይነይ ከተንቀርኒ. ደሊ.ኺ!'

"ኣፈይ መሊአ ከይኣትዩ ምናልባት ከም'ዚ. ሲ.ቫና ዝበረትኒ ዘረባኡ ሓቂ ከይከውን፥ በቲ ሓደ ወገን ድማ ምስ ኣማን ስለ ዝተረሓሓቐና፡ 'ጉዳይና ንወድእ ወይ ኣራኽብኒ ከይብለኒ' ካብይ ከምጽእ እየ ኢለ ሰጊኣ። ስለ'ዚ. ከይመለስኩሉ ትም ኢለ። ጥባ ግን ሓዲኣ ከጥልላ ስለ ዘንቀደ፡ መልሲ. ክህቦ ተጸብዩኒ"

'እንታይ ደኣ ትም ኢልኪ. - መልሲ.'ባ - ሓቂ እንተ ሃልዩኪ. ተዛረቢ.' ኢሉ ኸኣ ኣዋጠረኒ።

"እንታይ ክብሎ ከም ዘለኒ ኣንተ ሓሰብኩ ክመጽኣለይ ኣይከኣለን። መውጽኢ. ምስ ሰኣንኩ፡ ኣቐዲመ ዘይሓሰብኩሉ መልሲ. ሂበዮ። ምኽንያቱ ጥባ ምሕር ሓሪቑ ኣዒንቱ የፍርሓኒ ነይረን። ንኸይዝርመኒ ኣይኮንኩን ፈሪሐ። ግን ምስ ጥባ ከይባተኽ ኢለ።

'እንታይ'ሞ ክዛረብ 'ኣይከውንን'የ' እንተ ኢልኩ፡ ዝበልካዮ ይኹን። ኣነ ንዓኻ ከቐየመካ ኣይደልይን እየ ጥባ፡ መሰለኒ እምበር ንዓኻ ክብድል ኢለ ዝበርኩዎ ኣይኮነን። ስለ ዝበደልኩኻ ድማ ይቕረ በለለይ' በልኩዎ። ይገርመካ'ዩ. . 'ክቡዲ ወላዲ' ክብሉዎምስ ሓቀም እዮም። ጥባ እንታይ እዋን ገጹ በሪሁ፥ እንታይ እዋኑ ተጣዒሱ እንድዒ. . . ክዕግረካ ኣይክእልን እየ። ሕቑፍ ኣቢሉ ኣብ ደረቱ ኣጸጊዑኒ። 'መኣዛ ጓለይ፥ ካብ ከላትክም ደቀይ ኣብሊጸ እየ'ኮ ዝፈትወኪ። እቲ ኩሉ ዝበልኩኺ. ድማ ከይትዕቀፊ ኢለ እምበር፡ ኣጥቒ. ጨክነ መዓስ ኩይኑ፥ ሕጂ ኸኣ እንቋዕ ናብ ልብኺ. ተመሊስኪ. እምበር ዝሓለፈ. ሓሊፉ እዩ. . .' ኢሉ ብዙሕ ጥዑም ዘረባ ምስ ተዛረበ፥ ንሱ ድማ ይቕረታ ሓቲቱኒ. . ."

ኣቦኣ ኣመና ተሓጒሱም። ወላዲታ እውን እቲ ብስራት ምስ ተነግረን ከይተረደኣን ዕልልታ ደርጉሐን ሓቝፈን ስዒማኣ። ቤተም ናይ በዓል ኣውደኣመት ከም እትብዕል ደምቒምቕ በለት። መኣዛ ግን ሕርኽርኽ ዝበለ ስምዒት ነበራ። ምስ ኣቦኣ ብሰናይ ምስ ወደአት ፍሽሐ እንተ በለ'ኳ፥ ናይ ልባ ስለ ዘይነበረ ግን ሳዕቤኑ ክትጸሮ ከም ዘይትኽእል ተፈለጠ። እቲ ብቐንዱ ዘሰገኣ ዝበረ፥ ድልየት ወላዲኣ ክትመልእ እንተ ኾይና፡ ምስ ኣማን ጨሪሻ ክትባተኽ ስለ ዝበረ፥ ከምኡ ድማ ወሉዳ ናብ ዝሓረደዎ ክትወድቕ ምኻና እዩ። ልቢ. ወላዲኣ ኣረስሪሳ ከተብቅዕ ድልየታ እተማልኣሉ መንገዲ. ከም ዝተዓጽወ ብምውሳድ ብሽቓ ተጣዕሰት።

"ንጽባሒቱ ጥባ 'ተዛዊርና ንምጻእ' ኢሉ ናብ ከተማ ሒዙኒ ወጺኡ። ኣነ'ኳ ድልየቱ ክመልእ ኢለ እምበር ባህ ኣይበለንን። ንቐሩብ ግዜ ዕረፍቲ. እደሊ. ነይረ። ዕረፍቲ ካብ ዘረባ መርዓን ሓዳርን ማለተይ እዩ። ጥባ ሒዙኒ ክወጽእ ከሎ ብዘዕባኡ ከም ዝዛረበኒ ከይተሓልመ ዝተፈትሐ እዩ ነይሩ። ኣብ ካፌ. ኣቲና ዘድልየና ምስ ኣዘዝና፡ ዘረባ ጀሚሩለይ። ፈለማ ኑቲ ዘሕለፍናዮ ሓርኽኽኽ ክንርስዖ ከም ዘለና፡ ንጽብቐይ ክብል ከይደቀሰ ከም ዝሓደረ. . ." ኣስፊሑ ተዛሪቡኒ። ኣነ ድማ ተሸቚረረ እሰምዕ። ቀስ ኢሉ ናብ ዘድልዮ ጉዳይ ኣትዩ፡ ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝበሎ፡ ጥዑይ፡ ወዲ. ዓብይቲ፡ ብዓል ሃብቲ፡ ምኽንያቱ ዘርዚሩ፥ ምስኡ ሓዳር ክገብር ምርጫኡ ከም ዝኾነ ድሕሪ ምንጋር፡ ናተይ ሓሳብ ሓቲቱኒ።

ናተይ ሓሳብ ምሕታቱ፥ ግዜ ምእንቲ ክረክብ ከም ጸብቐቲ ዕድል ገይረ ቆጺረያ። 'ጥባ - ካብ'ዚ. ዝጸናሕኩዎ ጭንቀት ህድእ ምእንቲ ክብል ቀሩብ ግዜ ሃበኒ። ምሳኻን ምስ ማማን ብምኩራየይ ተጨኒቐ እየ ነይረ። ስለ'ዚ. ቀሩብ ተጸበየኒ። ሕጂ ብዙሓ ሕጸ ብዙሓ መርዓ ክሓስብ ዝኽእል ኣይመስለንን' በልኩዎ።

'ደሓን ርግእ ኢልኪ. ክትሓስቢ. ግዜ ከም ዘድልየኪ. ንዓይስ መዓስ ጠፊኡኒ። ግን ጓል 20 ዓመት ከም ዝኾንኪ. ኣስተውዕሊ። ጓል ኢኺ. ድማ' በለኒ።

'ጥባ ንሓንቲ ወርሒ. ጥራይ ዕድል ሃበኒ' ኢለዮ። ጥባ ባህ ከም ዘይበሎ ተዓዚበዮ እየ። ግን እንደገና ናብ ጭቕጭቕ ከይንኣቱ ኢሉ ግዲ ኾይኑ በዚ. ተሰማሚዕና. . ."

መኣዙ ኣቦ'ታ ዕለት ኣትሒዛ ውሽጣ ተረቢሹ። ንዝኣኑብስ እንታይ እያ ዝገብር ዘለኹ እናበለት ትሓትት። ንኣማን ክትገድፎ ከላ፥ በቲ ሓደ ፍቕራዊ ህይወቶም እናተረኢያ ትደፋፍኦ፥ በቲ ካልእ ድማ ንሰለስተ ዓመታት ዝኣክል ዘኸበሩ፥ ዝሓለዩላ ንምርጫኣ ኣኽቢሩ ዝተጸበዩ ኣማን ክትጠልሞ ምኽንያት እናሓሰበት ትጉሂ። ዝኢ. እናኸትገዘር ገበን ዝበረት ኩይኑ ይስመዓ።

"ንጽባሒቱ ፋዱሱ ሰልሻና ናብ ገዛና መጺኣ። ዝተፈልየ ናይ ሓጎስ ስምዒት ርእየላ። ፍሽኽፍሽ እናበለት ምስ ሰዓመትኒ 'መሓዛይ መዓረይ ሎሚ እታ ናይ ብቑዓማይ ክንደማማ ኢና' በለትኒ።

'እንታይ ናይ ብቑዓማይ?'

'ኣብ ደገ ኢና ንምሳሕ'

'መን ዝኸፍሎ?' ኢለ ሓቲተያ። ከም ዝሓለፈ. ከፈልቲ ስለ ዝሓዘት እያ እምበር፡ ወሪዱዋ ንሳ ካብይ ከተምጽኦ።

'ኣቲ . ዝኸፈለ ይኸፈሎ፡ ቀያይሪ እንዲ. ግዱ ወዮ ተረኺቡስ ብዙሓ ክፋሊ. ትጭነቒ!' በለትኒ፡ ሕራይ ከም ዝበላ ከም ውዱእ ወሲዱ። ኣነ'ሞ ኣብ ውሽጠይ ገይረዮ እምበር፡ ሕርቕ እየ ኢለ፡ ካብ ከምኡ ወዲ ከምኡ ክርሕቕ ኢለ ናይ ወርሒ. ዕረፍቲ ሓቲተለ ንሳ ድማ ናብኡ ክትመልሰኒ. . ."

'ሰምዒ. ሰልሻና፡ ኣነ ብዮቕመይ እየ ዝነብር። ኣውዩት ክኸፍሉለይ ኢለ ከተማ ኣይወጽእን እየ። ድሕሪ ሕጂ እዛ ዘረባ እዚኣ ከይተልዕልለይ' ምስ በልኩዋ፡ ብዙሕ ተጨቓጪቕና። ንስ ከም ውዱእ ገይራ ስለ ዝወሰደቶ ግዲ ኾይና ክኣብያ ኣይተጸበየትን። ፈጺመ ከም ዘይከይድ ምስ ኣቕበጽኩዋ፡ ሓሪቓ ንባዕና ማማን ቻው ከይበለቶም ተዓዚራ። ጥባን ማማን ድማ ዘይኣመሎም ተጨኒቖሙላ።

'እንታይ ኾይና ደኣ ምሉቕ ኢላ ከይዳ?' ማማ እያ ሓቲታትኒ።

'ከተማ ንውጻእ ኢላትኒ ስለ ዝኣበኹዋ'

'ኣቲ መኣዛ ጓለይ ዘይተካይድያ'ሞ፡ ኣይ መሓዛኺ. እንድያ'

እታ 'ኣትን ኣዋልድ ዙረት ኣይተብዝሓ' ትብለና ዝበረት ማማ፡ 'ዘይተካይድያ' ምስ በለትኒ 'ሰሳስ ኣሎታ' ኢለ ብውሽጠይ።

'ቀትሪ ምድራድ ናብ ከተማ ይውጻእ'ዩ' ክብላ ከለኹ፡ ጥባ ድንብር ኢሉ፡ 'እዛ መሓዛኺ. ደኣ ናይ ደሓን ድያ፡ ኮፍ ከይበለት ከይዳ?' በለኒ።

'ደሓን'ያ፡ ሓላንሳእ ከምኡ ይገብራ እዩ!' በልኩዎ።

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሂማን ክፍለሚካኤል ምራጭ ምባል ተሪፉ፥ ሂማን ተኽለሚካኤል ምራጭ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/22 ኣብ 3ይ መጋብኢያ ቁ.37 ይቕረብ።

ዜኑብ ሓሴን መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ ዜኑብ ሓሴን ሳዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6//4/22 ኣብ 3ይ መጋብኢያ ቁ.37 ይቕረብ።

ኣቶ ሰለሙን መብራህቱ ተስፋማርያም፡ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ብፍ/ቢ/ መሰል ወ/ሮ ዑቕባ እስቲፋኖስ በራኺ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/4/22 ኣብ 3ይ መጋብኢያ ቁ.37 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ብፍ/ቢ/ዕዳ ወረ/ነ/ፍ ወ/ሮ ኢለን ድሌቱ በኒያም ሚካኤል፥ ዳኒኤል ሚካኤል፥ ኢልሳ ማሰፍን፥ ዓድል ጀማል፥ ዋህድ ጀማል፥ ነዋል ጀማል፥ ጀሚላ ጀማል፥ ኣልጋሽ ኣንስቲኖ፡ ብርሃ ኣንስቲኖ፡ ሰቲት ኪዳኔ ሳራ ኪዳኔ ሰናይ ኪዳኔ ኣማን ኪዳኔ መኮነን ኪዳኔ ብፍ/ቢ/መሰል ወረ/ነፍ ኣሙት ወልዱ ወረ/ነፍ ኣሙት ወልዱ፥ ወረ/ነፍ ጸሃይቱ ኣንስቲኖ +2 ኣብ ልዕሌኹም ንፈጻሚ ዝምልከት ፋይል ከፊቶም ስለዘለው፥ ብኣካል ወይ ብመንገዲ ወኪል ን15/4/22 ኣብ 1ይ መጋብኢያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

ሰመረ ኣበበ ወልደኣብ ምባል ተሪፉ፥ ቢላል ኣበበ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/4/22 ኣብ 2ይ መጋብኢያ ቁ.35 ይቕረብ።

ፓውላ ሙልጌታ ብመንገዲ ወኪላ ኣቢላ ስም ኣደይ ምዕራፍ ወልደስላሴ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፥ ምዕራፍ ጸጋይ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/4/22 ኣብ 2ይ መጋብኢያ ቁ.35 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ሕርይቲ ተስፋማርያም እልፉ፥ በዓል ቤተይ ወልደሊባኖስ ሃብተሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወድና ከኣ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብቱ ኣስመላሽ ገብረስላሴ፥ ኣደይ ወ/ሮ እምባፍራሽ ኣድሓኖም ኣስገዶም ስለዝሞተት፡ ብሂወት ከላ ዝፈጸመትለይ ወህብቶ ኣብ ማእከል ከተማ ጎደና 119-3 ኣብ ዞባ 1 ምም/02 ዝርከብ ቁ.ገዛ 5 ከምኡ'ውን ኣብ ጋሽ ባርካ ከተማ ባረንቱ ምም/ ቢያራ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለዝሃበትኒ፥ እዚ ለበዋ ክጸድቀለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ሃይለ ኪዳኔ በዓልቲ ቤተይ ለተሃይማኖት ገብረሚካኤል ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ርግኣት ባህታ ተኽሉ፥ በዓል ቤተይ ሃይለ ደባስ ጊላጋብር ን30 ዓመታት ደሃይ ስለዘይብለይ ይጸዋዕለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቲራቮሎ

ወ/ሮ ሰምረት ዘርኣየውሃንስ፥ በዓል ቤተይ ገብረየሱስ ገብረልኡል ፍረሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ወ/ሮ ኣዜብ ገብረሚካኤል ክፍሉ፥ በዓል ቤተይ ጎይትኦም ተኽስተ ካሕሳይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣባዲት ገብረማርያም ኪዳኔ በዓል ቤተይ ኣቶ ኣማኒኤል መብራህቱ ዓንዱ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ናጽነት ሓደሽ መሰ፥ ተኽሰሲ የውሃንስ ምሕረትኣብ ተስፉዝጊ፥ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ መስሪታትልካ ስለዘላ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ ን15/4/22 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ለተእየሱስ ገረመስቀል ኪዳኔ በዓል ቤተይ ኣብርሃለ ዓንደማርያም ጸሃየ ስለዝተሰውኡ፥ ኣነ ምስ 10 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣባዲት ገብረስላሴ ገብረገርግሽ፥ በዓል ቤተይ ፓውሎ ርዚና ጁሰፐ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ልድያ ኣስመሮም ማሕራይ ምባል ተሪፉ፥ ልድያ የናስ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ባኖ ተስፋይ ኣረጋይ፥ በዓል ቤተይ ካሕሳይ ወለንክኤል ታረቀ ስለዝተሰውኡ፥ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳምባ ምጨ

የማን ቐሺ ፍሰሃጽን ገብሩ፥ ኪዳን ወልደሚካኤል ገብረዝጊ ስለዝሞተት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረታ 5 ኣሕዋታ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ሳሙኤል ገብረምካኤል ሃብተምካኤል፥ ዓቦይ ለተንገስ ሃይለ ያኖም ስለዝሞተት፡ ኣነ ኣመልካቲ ምስ 2 ሓትኖታተይን 1 ኣኮይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ተኽለገርግስ ፍስሃ፥ በዓል ቤተይ ሃብተምካኤል ወልዱ ሓድጉ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ ን51 ደቅና ከኣ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እንዳገርግስ

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት መብራህቶም ሃብተገርግስ፥ ተኸሳሲ ተስፋሂወት ገብሩ ገብረኣምላኽ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን28/3/22 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወረ/ነፍ/መሓመድ ዓሊ እጅሪ
1. ኣቶ ሻዱ መሓመድ ዓሊ 2. ወ/ሮ ነጃት መሓመድ ዓሊ ወኪል መርቲን ሳሀሉ፥ ተጻዋዕቲ 1. ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ወዳኢ ነገር ፊልሞን ባደለ 2. ከሰሎን ንግድን ሕርሻን ኣኪያዲ ስራሕ ዑመር ዓብደላ 3. ናብዑ ዑስማን ኣመልከትቲ ብዘቕረብዎ ምልክታ መሰረት ተጸዋዒ ቁ. 2 ከሰሎን ንግድን ሕርሻን ኣኪያዲ ስራሕ ዑመር ዓብደላ ሻክር ዝኾኑ ኣብ ኣድራሻኡ ክርከብ ስለዘይተኻእለ፡ ን12/4/22 ብጋዜጣ ተጸዊዑ ክቐርብ ኣዚዙና።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከባቢ 01

ዳናይት ተኽልኣብ ተስፋይ፥ ተኸሳሲ ፍጹም ወልደሚካኤል ተኽልኣብ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን13/4/22 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ምስጋና



ብሞት ኣዝዩ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ክቡር በዓልቤተይ ተጋዳላይ ዶ/ር ዘሙይ ኣለሙ ጻዲቕ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝኣለኹሞን ኣብ ሓዘንና ዘጸናናዕኩምናን ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራ፥ ሕክምናን ተሓከምትን ሃገር ሱዳን ካርቱም፥ ገዛ ብምምልላስን ከምኡ'ውን ብቴሌፎንን ብኢመይልን ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም፡ ኩሉኹም ፈተውቱን መቓልስቱን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።።

በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ኑቢያት ተኽስተ
ደቁን ኣሕዋቱን ምሉኣት ስድራቤትን

ካልድ ሰራጅ ኣሕመድ ዝተበሃልኩ፥ ኣቶ ኸሊፍ ጀሃር ኣደም ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪሎም ኣቶ ኢብራሂም መሓመድ ሙሳ ብ24/2/22 ዓ/ም ኣብ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ ቀሪቦም፡ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 8 ምም/01 ጎደና "ለ" ቁ.ገዛ 117 ዝርከብ ገዛ፥ ስፍሓት መሬት 100 ት/ሜ ሎታ 4 ፓርሰል "መ" ዓይነት ገዛ ተራ ገዛ 3 ክፍሊ 1 ሓጋዚ ክፍልን ዘለዎ፡ ብኮሚሽን ኣባይቲ ብጊዜያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁምስክር ወረቐት 101105 ብመወከሲ ቁ.108007/108008 ብዕ 11/6/1993 ዓ/ም ብስሞም ዋንነት ዝተረጋገጸሎም ገዛ ንዓይ ብወህብቶ ስለዝሃቡኒ፥ እዚ ገዛ ካብ ስም ኣቶ ኸሊፉ ጀሃር ኣደም ናብ ስመይ ዋንነት ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ወይ ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ።

ኣመልካቲ ካልድ ሰራጅ ኣሕመድ

ወረስቲ ወላዲትና ነ/ሄር ወ/ሮ ልኡል ተድላ ተሰፊት ምዃንና ኮ/ቤ/ፍ/ጉዳይፍን ሰምበልን ብዘረጋገጸልና ናይ ወርሲ መሰል መሰረት፡ ብወርሲ ካብ ወላዲትና ክንረኽቦ ዝጽንሐና ኣብ ኣስመራ ከተማ ዞባ 4 ምም 09 ጎደና ተጋደልቲ ቁጽሪ ገዛ 2 ዝርከብ ካብ ኮሚሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቁ/ወ/ም 101572 ብመወከሲ ቁጽሪ 102654 ዋንነቱ ብስም እዛ ወላዲትና ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪ፥ ቤ/ጽ/ ሃ/ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየለ ግን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ መብራህቲ ገብረእግዚኣብሄር ረታ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም 06 ጎደና 44 ቁ.ገዛ 9 ዝርከብ ብቁጽሪ ምስክር 111397 መወከሲ ቁ.106938/133104 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብስም ወረስቲ ፊተ/ ተድላ ተሰፊትን ወ/ሮ ኣሙት ኣውዓለምን ወ/ሮ ልኡል ተድላ ምስ 5 ኣሕዋተንን 7 ደቂ ኣሕዋተንን ዝሓዘ ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለዝጠፍኣና፥ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበሃል ሰብ እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07112494 ይሓብረና። እንተዘየሉ ካልእ መተካእታ ኦርጅናል ክወሃበና ክሓትት ምዃንና እሕብር።

ወ/ሮ መብራህቲ ገብረእግዚኣብሄር ረታ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ከተማ ከረን ቁ.ዋንነት 303567 መወከሲ ቁ.304653 ብስም ኣቶ ኣዳም መሓመድ
ኢስማዒል ዕመር ዝተመዝገበ ሊብረቶ ናይ ገዛ ኦርጂናል ስለ ዝጠፍኣኒ፥ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁ.ተሌፎን 07705501 ይሓብረኒ። እንተዘይኮይኑ፥ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣመልካቲት ወ/ሮ ኣኽያር ኣዳላ እድሪስ

ወረስቲ ወላዲትና ነ/ሄር ወ/ሮ ብስራት ገብረእግዚኣብሄር ረታ ምዃንና ኮ/ቤ/ፍ ጉዳይፍ ዕለት 25/5/21 ብቁ/መዝ/479/2020 ኣብ ዝወዓሎ መጋብኢያ ብዘተረጋገጸልና መሰረት፡ ብወርሲ ካብ'ዛ ወላዲትና ክንረኽቦ ዝጽንሐና ኣብ ኣስመራ ከተማ ምም/ ከባቢ ሰምበል 1A865 ዝርከብ ኣብ ሚ/መ/ማ/ኣኽብበን ብመለለይ 1:006911 ብስም ወላዲትና ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናይ ወርሲ መሰል ተጠቂምና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪ፥ ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየለ፥ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ፋለን ጎይትኦም የውሃንስ
ወኪል ወ/ሮ መብራህቲ ገብረእግዚኣብሄር ረታ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

# ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣንጸባራቒ ዓወት ኣመዝጊባ ኣብ ሓደ ረፍዲ 4 ወርቂ መዳልያ

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ትማሊ 23 መጋቢት 2022 ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሻርም ኣል ሸክ ግብጺ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ኣፍሪቃ፡ ኣንጸባራቒ ዓወት ኣመዝጊባ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኣብዚ ውድድር ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮን ናይ



ደቂ ኣንስትዮን ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር'ያ ኣርባዕተ ወርቂ መዳልያ ብምዕታር ደሙቕ ዓወት ኣመዝጊባ ዘላ። በዚ ኸኣ፡ ኤርትራ ኣብዚ ዕሉት ተዳልዩ ንዝበረ ኣርባዕቲኡ ወርቂ መዳልያ ክትሓፍሶ ብምኽኣላ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናእዳ ክትረኽብ ክኢላ ኣላ።

ኣብቲ ልዑል ምትህልላኽ ዝተራእየሉ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ዓበይቲ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር፡ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኣቶ ሳምሶም ሰለሙን ንተቐዳደምቲ ሄኖክ ምልእብርሃን፡ ዳዊት የማነ፡ ሚካኤል ጎይትኦምን ኣኽሊሉ ገብረሂወትን እዩ ከሰልፍ መሪጹ። እዞም ተቐዳደምቲ ኣብ ሰዓት 48.9 ኪሎሜተር እናተጓዓዙ እዮም ነቲ 42.6 ኪሎሜተር ርሕቀት ዘሸፍን ዝነበረ ውድድር ብ52 ደቒቕን 10 ካልኢትን ክዛዝምዎ ክኢሎም።

ኣሰልጣኒ ናይዛ ሃገራዊት ጋንታ ኣቶ ሳምሶም ሰለሙን፡ ኣብዚ ውድድር ኣርባዕቲኦም ተቐዳደምቲ ብብዘውንንዎ ህሉው ብቕዓት ኣብ ቅድሚት ወጺኦም ፍጥነቶም ከበርኹ ትእዛዝ ከም ዝሃቦምዎ ድሕሪ'ቲ ውድድር ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓብሬታ ኣረዲኡ። በዚ ኸኣ፡ ኣብዚ እዋን ሚልያ ጀርመናዊት ክለብ ባይክ ኤይድ ወደዩ ዝቕዳደም ዘሎ ሄኖክ ምልእብርሃን ዝያዳ ሓላፍነት ከም ዝተሰከመ ዝረኸብናዮ ሓብሬታ የረድእ።

ኣቶ ሳምሶም ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መንጎ እተን ኣብ ፖድዩም ዝደየባ ሃገራውያን ጋንታታት ኤርትራ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን



ኣልጀርያን ዝተመዝገበ ካብ 10 ካልኢት ዘይበዝሐ ናይ ግዜ ፍልልይ፡ ንሓያልነት እቲ ውድድር ዘንጸባርቕ ምኻኑ ሓቢሩ ኣሎ። ንሱ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ብሰንኪ ኮቪድ 19 ድሕሪ ኣስታት ክልተ ዓመትን ፈረቓን ኣብ ከምዚ ዓይነት ውድድር ብምስታፍ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ክትከውን ብምኽኣላ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ውድድራት ፍልይ ከም ዝበሎ'ዩ ዝኣምን።

ኣብ ዘር ሩዋንዳ ምስ ጋንታኡ ባይክ ኤይድ ኮይኑ ብሉጽ ብቕዓት ድሕሪ ምምዝጋቡ ኣብዚ ውድድር ሚልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወደዩ ዝተወዳደረ ሄኖክ ምልእብርሃን፡ ኣብ



ንሓድሕዶም ዝተራእየ ናይ ምብርራይ መንፈስ፡ ነዚ ደሙቕ ዓወት ህያው ከም ዝገበሮ'ዩ ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስፖርት ኣረዲኡ። ንሱ ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር ንፈለማ ግዜ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ብምኻኑ ፍሉይ ስምዒት ከም ዝተሰምዖ፡ ኣብ ዝቕጽል ውድድራት ከኣ ተወሳኺ መዳልያ ክዕትር ተዳልዩ ከም ዘሎን ሓቢሩ ኣሎ።

ኣብዚ ናይ ዓበይቲ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር፡ ሃገራዊት ጋንታ ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ብ6 ካልኢት ድሒራ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ክትከውን ከላ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀርያ ኸኣ 10 ካልኢት ደንጒያ ኑሓስ መዳልያ ክትሽለም ከም ዝኸኣለት ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዓበይቲ ናይ ግዜ ውድድር፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ነተን ልዑል ትጽቢት ዝተገበረለን ሃገራውያን ጋንታታት ሞውሪሸስን ሩዋንዳን በሊጻያ ዕውትቲ ናይዚ መደብ ክትከውን በቒዓ ዘላ። ብመሰረት ወሳኒ ኣሰልጣኒ ናይዛ ሃገራዊት ጋንታ ኣቶ የናስ ዘርኣየሱስ፡ ኣብዚ መደብ ተቐዳደምቲ ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ ኣድያም ዳዊት፡ ሚለና ያፈትን ፈቨን ሃይለን እየን ሚልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወደየን ተወዳዲረን።

ኣቶ የናስ ዘርኣየሱስ ድሕሪ'ቲ ውድድር ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓብሬታ፡ "እዘን ተቐዳደምቲ ዋላኳ ድሩት ተመክሮ ይንበረን፡ ክዝበር'የ ናይ ምግባል ኒሕ ስለ ዝነበረን ግን ንበዙሓት ወገናት ዘገረመ ዓወት ከመዝግባ ክኢለን ኣለዋ። ኣብ ጎልጎል ዝዀበለሎ መወዳደሪ ቦታ እሞ ኸኣ ምስ ሓያል ንፋስ ን42.6 ኪሎሜተር ብሸፊነን ክዛወራ ኣዝዩ ዘገርመኒ'የ" ክብል'ዩ ተዛሪቡ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኣብ ናይ ጁንየር ውድድራውን ብኽልቲኡ ጾታ መወዳደርቲ ኣይተረኽበን። ኤርትራ ኣብዚ መደብ ብተካእቲ ተቐዳደምቲ ተሳቲፋ ነዚ ደሙቕ ዓወት ከተመዝግብ ምኽኣላ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናእዳ ረኺባ ኣላ። ኣሰልጣኒ ናይ ጁንየር ተቐዳደምቲ ኣቶ የሴፍ ተኸለይ፡ ቅድሚ'ዚ ውድድር ተሸለምቲ ወርቂ መዳልያ ከም ዝኾኑ ብርእሰ ተኣማማንነት ተዛሪቡ ከም ዝነበረ ኣይርሳዕን። ንሱ፡ እዞም ናይ ጁንየር ተቐዳደምቲ ብሕጂ ኣብ ዘሎ ውድድራት'ውን ነዚ ዓወት ከም ዝደግምዎ'ዩ ደጊሙ ዘረጋገጸ።

ኣሰልጣኒ የሴፍ ተኸለይ፡ ኣብዚ መደብ ንተቐዳደምቲ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ፡ ኤቨን ረድኢ፡ ዩኤል ሃብተኣብን የናስ ተከኤን ከሰልፎም እኳ'ሎ፡ ኣሰልጣኒ የናስ ዘርኣየሱስ ከኣ ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ንተቐዳደምቲ ሩምና ገሰሽ፡ ሳሮን ተኽለ፡ ራሄል ዘርእሰናይን ፍትሓዊት ተኽሉን እዩ ኣወዳዲሩ።

ተቐዳደምቲ ሳሮን ተኽሉን ራሄል ዘርእሰናይን ድሕሪ'ቲ ውድድር ኣብ ቦኽሪ ስታፊኦን ከምዚ ዓይነት ዓወት ከመዝግባ ምኽኣለን ዓቢ ሓጎስ ከም ዝተሰምዓን ብምግላጽ፡ ነቲ ኣቓዲሙ ብኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ተመዝጊቡ ዝነበረ ዓወት ክዕቅብኦ ሓያል ጻዕሪ ከም ዝገበራ ሓቢረን።

ዛ 21 ተቐዳደምቲ ሒዛ ኣብዚ ውድድር ትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ዝኣልዩ ዘለዉ ኣሰልጠንቲ ሳምሶም ሰለሙን፡ የናስ ዘርኣየሱስን የሴፍ ተኸለይን ኣብ መወዳእታ ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስፖርት ኣብ ዝሃብዎ ሓብሬታ፡ እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ደሙቕ ዓወት ኣብ



መንጎ ተቐዳደምቲ ብዘተፈጥረ ወሃደት ከም ዝተረኽበ ብምግላጽ፡ ኣብ ዝቕጽል ውድድራት ኣወንታዊ ጽልዋ ከም ዝህልዎ ኣብሪሆም።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ሎሚ 24 መጋቢት ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ክትጽመድ ምኻና ዝረኸብናዮ ሓብሬታ የረድእ። ናይ ዓበይቲ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኣቶ ሳምሶም ሰለሙን፡ ኣብዚ መደብ ኤርትራ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ከም ዘይትሳተፍ ኣፍሊጡ ኣሎ። ንሱ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ዘለዉ ተቐዳደምቲ ኣብ ግዜ ልምምድ ንዓወት ዘበጽሕ ግዜ ከመዝግቡ ብዘይምኽኣሎምን ኣብ ናይ ጸርግያ ውድድር ዝያዳ ኣድማዕቲ ንክኾኑን'ዚ ውሳነ ከም ዝወሰዱ'ዩ ዘረድእ። ይኹን'ምበር፡ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ዓበይቲ ውድድር ብተቐዳደምቲ ሄኖክ ምልእብርሃንን ዳዊት የማነን ክትወከል ምኻና ተፈሊጡ ኣሎ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኽ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ኣፍሪቃ ብፍላይ ኣብ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር እታ ዝበዝሐ ግዜ ወርቂ መዳልያ ዝዓተረት ጋንታ ምኻና ሰነዳት ማሕበር ቅድድም ብሽክሊታ ኣፍሪቃ ይምስክሩ። ኤርትራ፡ ካብ 2010 ክሳብ 2022 ዓሰርተ ግዜ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር ከም ዝኾነት ኣይርሳዕን።

**2010 ኣብ ሩዋንዳ**
1. ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት
2. ሜሮን ርእሶም
3. ፍረቃልሲ ደብሳይ
4. ተኽሊት ተስፋይ

**2011 ኣብ ኤርትራ**
1. ናትናኤል ብርሃ
2. ፍረቃልሲ ደብሳይ
3. ጃኒ ተወልደ
4. ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት

**2012 ኣብ ቡርኪናፋሶ**
1. ናትናኤል ብርሃ
2. ፍረቃልሲ ደብሳይ
3. ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት
4. ጃኒ ተወልደ

**2013 ኣብ ግብጺ**
1. ናትናኤል ብርሃ
2. ሜሮን ርእሶም
3. ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት
4. ሜሮን ተሾመ

**2015 ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ**
1. ናትናኤል ብርሃ
2. መኽሱብ ደብሳይ
3. መርሃዊ ቅዱስ
4. ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት

**2016 ኣብ ሞሮኮ**
1. ኤልያስ ኣፍወርቂ
2. ተስፎም ዑቕባማርያም
3. ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር
4. መኽሱብ ደብሳይ

**2017 ኣብ ግብጺ**
1. ዓወት ሃብተም
2. ሜሮን ኣብረሃም
3. ሜሮን ተሾመ
4. ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር

**2018 ኣብ ሩዋንዳ**
1. ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር
2. መትከል እዮብ
3. መኽሱብ ደብሳይ
4. ሳይሞን ሙሴ

**2019 ኣብ ኢትዮጵያ**
1. ሜሮን ተሾመ
2. ሰራክ ተስፎም
3. ያቆብ ደብሳይ
4. መኽሱብ ደብሳይ

**2022 ኣብ ግብጺ**
1. ሄኖክ ምልእብርሃን
2. ዳዊት የማነ
3. ሚካኤል ጎይትኦም
4. ኣኽሊሉ ገብረሂወት











# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ቡርኪና ፋሶ - ፕረዚደንት-ነበር 30 ዓመት ክእሰር ሕቶ ቀሪቡ

ብቐትለት ህቡብ መራሒ ቡርኪና ፋሶ ዝነበረ ቶማስ ሳንካራ ቀዳማይ ጥርጡር ኮይኑ ዘሎ - ኣብ ስደት ዝርከብ ፕረዚደንት-ነበር ብለይዝ ኮምፓዎሬ፡ ን30 ዓመት ክእሰር ወተሃደራውያን ኣኽበርቲ ሕጊ'ታ ሃገር ንቤት-ፍርዲ ይሓቱ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ቤት-ፍርዲ ቡርኪና ፋሶ ንጉዳይ ኣቀታትላ ናይቲ ወተሃደራዊ መራሒ-ነበር እንደገና ናይ ምስማዕ መስርሕ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝቐጸለሉ እዋን'ዩ።

እቲ መስርሕ ፍርዲ፡ ብሰንኪ ቅዋማዊ ቤት-ፍርዲ'ታ ሃገር ዘለዎ ብይን ንሰለስተ ሰሙን ተወዚፉ ድሕሪ ምጽናሕ'ዩ እንደገና ዝቐጸለ ዘሎ።

ካብ 1987 ክሳብ 2014 ፕረዚደንት'ታ ሃገር ዝነበረ ብለይዝ ኮምፓዎሬ፡ ዝተመስረተሉ ክሲ ክሰምዕ መጸዋዕታ'ኳ እንተቐረበሉ፡ ንሱ ግን ኣብቲ ገበን ኢድ ከምዘይብሉ ብምግላጽ ነቲ መጸዋዕታ ብተደጋጋሚ'ዩ ክጸዓን ጸኒሑ።

በዚ ድማ ቤት-ፍርዲ ቡርኪና ፋሶ ነቲ ፕረዚደንት-ነበር ብኣካል ኣብ ዘይተረኽበሉ መጋባእያ ክፈርዶ፡ ካብኡ'ውን ኣኽበርቲ ሕጊ ሕቶ ክቐርበሉ ከምዝጸንሐ'ዩ ዝገለጸ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ኣይቮሪኮስት ተዓቚቡ ዝነበረ ዘሎ ብለይዝ ኮምፓዎሬ፡ "ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ድሕነት መጥቃዕቲ ክፍጸም ኣዚዙ፡ ርእሰ ቶማስ ሳንካራን መሳርሕቱን ክሕብኡ ትእዛዝ ሂቡ፡ ኣብ ቅትለቶም ድማ ኢዱ ኣሎዎ" ዝብል ክሲ'ዩ ቀሪቡሉ ዘሎ።

ወተሃደር ዝነበረ ካፕተይን ቶማስ ሳንካራ፡ ወዲ 33 ዓመት እንከሎ ኣብ 1983 እዩ ናብ ስልጣን ደይቡ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ ነቲ 'ኣፐር ቮልታ' ዝብል መጸውዒ ስም'ታ ሃገር ናብ 'ቡርኪና ፋሶ' ቀይሩዎ። ትርጉሙ ከኣ 'ምድሪ ቅኑዓት ሰባት' ማለት እዩ።

ብማርክሳዊ-ለኒናዊ ስነ-ሓሳብ እናተመርሐ ኣብታ ሃገር መሰረታዊ ለውጥታት ከተኣታቱን ልዑል ህዝባዊ ደገፍ ክረክብን ክኢሉ ዝነበረ ሳንካራ፡ ኣብ ጥቅምቲ 1987 ኣብ ቤተ-መንግስቱ ኣኼባ እናካየደ እንከሎ'ዩ ብዕጡቓት ወተሃደራት ምስ 12 መሳርሕቱ ተረሺኑ። ብድሕሪኡ ናብ ስልጣን ዝደየበ ብለይዝ ኮምፓዎረ ድማ፡ ቀንዲ ዕርኩን መሳርሕቱን ብምንባሩ፡



"ነታ ኮረሻ ስልጣን ክወርስ ክብል'ዩ ከም ዝቐንጸሎ ገይሩዎ" ዝብል ወረ ኣብ መላእ'ታ ሃገር ከምዝዝርጋሕ፡ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ሩስያ፡ ኣብ ልዕሊ ፖላንድ ሕነ ክትፈዲ ምኻና ኣጠንቂቓ

ፖላንድ፡ ኣብ ስለያዊ ንጥፈታት ተዋፊሮም ከም ዘለዉ ዝገለጸቶም 45 ዲፕሎማሰኛታት ሩሲያ ክትሰጉግ ከምእትኽእል ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን፡ ሩሲያ ተሪር ናይ መጠንቀቕታ መግለጺ ሂባ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ትማሊ ኣብ ዘርግሐ ሓበሬታ፡ ፖላንድ ኣብ ከተማ ዋርሳው ንዘመደበርም ዲፕሎማሰኛታት ሩሲያ እንተ ሰጒጓ ሞስኮው ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ክትወስድ ምኻና ኣገዚባ።

ኣገልግሎት ጸረ-ስለያ ፖላንድ፡ ዝርዝር ኣስማት ናይ'ቶም ኣብ ስለያዊ ተግባር ተዋፊሮም ከምዘለዉ ዝገለጾም ሩሲያውያን ዲፕሎማሰኛታት ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ኣረኪቡ ከምዘሎ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ኣምባሳደር ሩሲያ ኣብ ዋርሳው ነቲ ጉዳይ መብርሂ ንኽህበሉ ደሮ መጸዋዕታ ኣቕሪቡሉ ዘሎ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፖላንድ ድማ ምስቲ ኣምባሳደር ድሕሪ ምርካቡ ውሳኔ ክህቦሉ ምኻኑ፡ ወኪ-ቃል መንግስቲ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣካል ሕብረት-ሶቬት ዝነበረት ፖላንድ፡ ካብ ጽልዋ ሩሲያ ወጻኢ ምስ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ድሕሪ ምጽንባራ፡ ምስ ሞስኮ ዘመስረተቶ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ እናላሕለሐ ክመጽእ ምጽንሑ ጸብጻባት የረድኡ።



## ኡጋንዳ፡ ኣብ ዝምታ ከብቲ ንዝተዋፈሩ ጉጅለታት ኣጠንቂቓ

ኣብ ኡጋንዳ ኣብ ዝምታ ከብቲ ዝተዋፈሩ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት መንግስቲን ክኢላታት ሰነ-ምድሪ (ጂኦሎጂስትታት)ን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሞም፡ ሰራዊት'ታ ሃገር ዘዋናሕሲ ስጉምቲ ክወስደሎም ምኻኑ ኣጠንቂቑ።

ኣዚዚ ሓይሊ ምድሪ ዩጋንዳ ሌተናል ጀነራል ሙሁዚ ከይኑጋባ (ወዲ ፕረዚደንት ዩወሪ ሙሰቨኒ ማለት'ዩ) ዚ ኣመልኪቱ ብትዊተር ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ነቶም ወተሃደራትን ተመራመርትን ዝቐተሉ ዘመትቲ ከብቲ ናብ ሰኣል ክእትምም ምኻኑ ብድሪ ፈኪሩ።

ወኪ-ቃል ሰራዊት'ታ ሃገር ብርጋደር ጀነራል ፈሊክስ ኩለይዩ ድሕሪኡ ኣብ ዘዘው ሓበሬታ ድማ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ'ታ ሃገር ሰለስተ ክኢላታት ሰነ-ምድርን ክልተ ወተሃደራትን ብረት ብዝዓጠቑ ዘመትቲ ከብቲ ከምዝተቐትሉ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ሰራዊት ዩጋንዳ ናብቲ ቦታ ከይዱ ሬሳታቶም ከምዝልዓሎ ሓቢሩ።

እቲ ወኪ-ቃል ወሲኹ፡ እቶም ክኢላታት ሰነ-ምድሪ ኣብቲ ብማዕድናት ኣዝዩ ሃብታም ምኻኑ ዝገለጾ ከበባታት ናይ ሓመድ ምርምር እናካየዱ እንከለዉ ብዮም ሰረቕቲ ከምዝተቐትሉ ገሊጹ።

እቶም ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ዘመትቲ ከብቲ፡ ካብ ኬንያ ሰሊኾም ዝኣተዉ፡ ካብ 'ቱርካና' ዝተባህለ ቀቢላ ምኻኖም ድማ ኣረዲኡ።

ካብቶም ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ዝፈነዉሎም ወተሃደራት መንግስቲ ብርክት ዝበለ ኣጽዋር ከምዝመንዘዑ ዝሓበረ እቲ ጀነራል፡ ኣብ ልዕሊኦም ደምሳሲ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ከይተፈወሰሎም እንከሎ ነቲ ኣጽዋር ብሰላማዊ መንገዲ ንኸመልስዎ ምስ ዓበይቲ ዓዲ ናይቲ ቀቢላ ዝርርብ ይካየድ ከምዘሎ'ውን ገሊጹ።

ልሕሉሕ ቁጽጽር ከምዝዘውትረሉ ኣብ ዝነገረሉ ዶብ ኡጋንዳን ኬንያን፡ ብዝተወደበ መልክዕ ዝቐድድ ዝምታ ከብቲ ምርኣይ ልሙድ ምኻኑ፡ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ሩስያ - ናቫልኒ ንተወሳኺ 9 ዓመት ክእሰር ተፈሪዱ

ቀንዲ ተቓዋሚ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ምኻኑ ዝነገረሉ ኣሌክሲ ናቫልኒ ዝተባህለ መራሒ ተቓወምቲ፡ "ኣብ ልዕሊ ቤት-ፍርዲ ንዕቀት ኣርኢኻን ኣታሊልካን" ብዝብል ክሲ ንተወሳኺ 9 ዓመት ኣብ ጸኒዕ ቤት-ማእሰርቲ ክዳጎን ብቤት-ፍርዲ'ታ ሃገር ተበዩኑ።

እቲ ተቓዋሚ ብዘይካዚ፡ 1.2 ሚልዮን ሩብል (11,500 ዶላር) ክኸፍል'ውን ቢቲ ቤት-ፍርዲ ተኣዚዙ ኣሎ።

ኣኽበርቲ ሕጊ ሩሲያ፡ ናቫልኒ ነቲ ንሱ ዝመርሖ ፖለቲካዊ ሰልፊ ተባሂሉ ካብ ዝተወፈየ ገንዘብ 4.7 ሚልዮን ሰሪቑ ኣብ ውልቃዊ ዋኒኑ ከምዘውዓሎ ብምኽሳስ፡ ምስቲ ኣብ ልዕሊ ቤት-ፍርዲ ዘርኣዮ ንዕቀት ተደሚሩ ናይ 13 ዓመት ጸኒዕ ማእሰርቲ ክእሰሩ'ዮም ነቲ ኣብ ሞስኮ ዝርከብ ቤት-ፍርዲ ክሓቱ ጸኒሖም።



እዚ ወዲ 45 ዓመት መራሒ ተቓዋሚ ሰልፊ፡ ኣቐዲሙ ብዘፈጸሞ ካልእ በደላት፡ ዝሓለፈ ክልተ ዓመትን 8 ወርሒን ኣብ ማሕቡስ'ዩ ተዳጊኑ ኣሕሊፉዎ።

እንተኾነ፡ እዚ ቤት-ፍርዲ ሩሲያ ኣብ ልዕሊኡ በዩኑዎ ዘሎ መቕጻዕቲ፡ ናይ መንግስቲ ሩሲያ ፖለቲካዊ ደፍኢት ከምዘለዎ'ዩም ሓያለ ወገናት ምዕራብ ዝገልጹ።

ናቫልኒ፡ ኣብ ነሓሰ 2020 መንእዮም ካብ ዘይተፈለጡ ወገናት ኬሚካላዊ መጥቃዕቲ ኣጋጢሙዎ ንህጹጽ ሕክምና ናብ ጀርመን ከይዱ ከምዝጸንሐ፡ ብዝተገበረሉ ፍሉይ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ሓወየ ድማ ካብ ብዙሓት ወገናት ንዝቐረበሉ መጠንቀቕታ ሸጊ ናብ ሃገሩ ከምዝተመልሰ ኣይርሳዕን።

## ቻይና፡ ካብ ማይ ዝምንጩ ሃይድሮጅን ጸዓት ተማዕብል

ቻይና፡ ካብ በኻልቲ ጋዛት በብቑሩብ ንምልቃቕ ሓንጺጸቶ ብዘላ መደብ መሰረት፡ ካብ ብከላ ናጻ ዝኾነ ሃይድሮጅን ጸዓት ናይ ምፍራይ ዓቕማ ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ከተዕብዮ ከምዝወሰነት ኣፍሊጣ።

ሃገራዊ ኮሚሽን ልምዓትን ለውጢን'ታ ሃገር ትማሊ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ቻይና ካብ ዝመጽእ 2025 ንድሓር፡ ዓመታዊ ክሳብ 200 ሽሕ ቶን ዝበጽሕ ሃይድሮጅን ጋዝ ካብ ማይ ከተፍሪ ተሊማ ከምዘላ ገሊጹ። እቲ ኮሚሽን ኣብ ሓበሬታኡ፡ ካብዚ ዝተጠቕሰ ዓመተ-ምህረት ንድሓር፡ ዓመታዊ ብሃይድሮጅን ዝሰርሓ ኣስታት 50 ሽሕ ተሽከርከርቲ ኣብ ስራሕ ክውዕላ ምኻነን ሓቢሩ።

ብደረጃ ዓለም እታ ዝዓበየ መጠን ብከላ እትፈጥር ሃገር ምኻና ዝነገረላ ቻይና፡ ምንጪ እትጥቀመሉ ጸዓት ሚዛናዊ ንምግባር፡ ክሊማዊ ዋዒ ንምግታእ ዝሓንጸጸቶም ሸቶታት ንምውቃዕን ኣበርቲዓ ትቃለስ ከምዘላ'ዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ሃይድሮጅን ጋዝ፡ ብዝተሓላለኸ መስርሕ ኣቢሉ ካብ ማይ ዝምንጩ ብከላ ዘይፈጥር ዓይነት ጸዓት ኮይኑ፡ ምስቲ ካብ ባህርያዊ ጋዝ ወይ ከሰል ንምፍራዩ ዝግበር መስርሕ ክነጻጸር እንከሎ፡ ዝተሓተ ጸዓት ከምዝድልዮ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ የረድኡ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ቻይና ኣብዚ እዋን ዓመታዊ 33 ሚልዮን ቶን ሃይድሮጅን ተፍሪ ኣላ። እንተኾነ፡ 80 ሚእታዊት ናይቲ እተፍርዮ ዘላ ሃይድሮጅን ምንጩ ከሰልን ባህርያዊ ጋዝን እዩ። ኣብ 2019፡ እታ ሃገር 500 ሽሕ ቶን ሃይድሮጅን ጸዓት ካብ ማይ ከምዘፍረየት ድማ እቶም ጸብጻባት የመልክቱ።

ካብ ማይ ሃይድሮጅን ጋዝ ናይ ምምዕባል መስርሕ ኣዝዩ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት ብምኻኑ፡ ኣብ ምዕቡላት ይኹና ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ከምቲ ዝድለ ክምዕብል ከምዘይከኣለ'ዩ ዝገለጸ።



ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ

ዕለት
24/3/2022

ጎደና
ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፎርቶኤርትራ

ቁ.ስልኪ
200141

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565